ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.275 | ሰሉስ 18 ሓምለ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ጽምብል መመረቕታ ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት

ገጽ 5
ብዛዕባ ስኪዞፍረንያ ክንፈልጦ ዝግበኣና ሓቅታት


ገጽ 7
ባህሪ ስነ-ጥበብ

ገጽ 11
ወዲ ሙሌ ደርብ ዓወት ሓፊሱ


# ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን 424 ተመሃሮ ኣመረቑ




ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን - ማይ ኣፍሓ. ንመበል 16 ግዜኡ ኣብ ዘካየዶ ስነስርዓት መመረቕታ፡ ብ15 ሓምለ ኣብ ቀጽሪ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ፡ 424 ተመሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመረቐ።

ንሳቶም፡ ናይ ዲግሪ ምሩቓት - 27 ሲቪላዊ ምህንድስና፡ 25 ምህንድስና ስነቀመም (ኬሚካላዊ ምህንድስና)፡ 24 ስነፍልጠትን ምህንድስናን ኮምፑተር፡ 21 ኤለክትሪካዊን ኤለክትሮኒክስን ምህንድስና፡ 19 ምህንድስና ዕደና፡ 15 ምህንድስና ስነባሕሪ፡ 14 ሜካኒካዊ ምህንድስና፡ 8 ሕርሻዊ ምህንድስና ዘጠቓለሉ እዮም። እቶም ናይ ዲፕሎማ ምሩቓት ድማ - 38 ቴክኖሎጂ ዕደና፡ 36 ኤለክትሮኒካዊ ቴክኖሎጂ፡ 32 ቴክኖሎጂ ስነህንጻ፡ 30 ቴክኖሎጂ ኤለክትሮኒክስ፡ 29 ንድፊን ቅየሳን፡ 29 ቴክኖሎጂ ሞተረ፡ 27 ቴክኖሎጂ መተግበሪ ኮምፑተር፡ 26 ቴክኖሎጂ ኮምፑተርን ምትእስሳር መርበባትን፡ 24 ድማ ቴክኖሎጂ መዘውሓለታት ዝጠቓለሉ እዮም እዮም።

ኣብቲ ሰበስልጣን መንግስቲን ግንባርን ወለዲ ተመረቕቲን ማሕበረሰብ ኮለጅን ዝተረኸብሉ ስነስርዓት፡ ዲን ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ዶክተር ካሕሳይ ንገሰ፡ እቲ ኮሌጅ ብቑዓት ተመሃሮ ብምምልጋል ኣብ ቀጠባዊ ልምዓት ኤርትራ ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ጠቒሱ፡ ምርኮሳ ኣብ ወጻኢተኛታት መምህራን ንምንካይ - ብመንገዲ ዕድላት ማህደረ-ትምህርቲ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

እቲ ኮለጅ፡ ኣብ ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት ንዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ዝውዕሉ ህንጻታት ክሰርሕ ከምዝጀመረ፡ እንተኾነ - ኣብ ዘመናዊ ትሕተ-ቅርጺ ሕጽረታት እኹል መሳርሒታትን መሳለጥያታትን ከምኡ'ውን ብቑዕ ኣካዳሚያዊን ምምሕዳራዊን ዓቕሚ ብደሃይታት ስለዘሎዎ፡ ብጽቡቕ ክሰርሓሉ ተላብዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን፡ 86 መምህራን ክህልዉዎ እንከለዉ፡ ካብዚኦም 43 ኤርትራውያን ምዃኖም፡ ካልኦት 17 ኤርትራውያን መምህራን ድማ - ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ናይ ድሕረ-ምረቓ ትምህርቶም ይከታተሉ ከምዘለዉን ተፈሊጡ።

# ንመናበዪ ስድራ-ስዉኣትን ጽጉማት ተመሃሮን ሓገዝ ተገይሩ

ንመናበዪ ስድራ-ስዉኣትን ጽጉማት ተመሃሮን፡ ልዕሊ 11 ሽሕ ዶላር፡ 637 ሽሕ ፓውንድ ደቡብ ሱዳን፡ ከምኡ'ውን ኣስታት 43 ሽሕ ናቕፋን ካልእን ሓገዝ ተበርኪቱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን - ስሙ ክጥቀስ ዘይደለየ ተቐማጢ ጁባ 7,200 ዶላር ኣመሪካ፣ ተቐማጦ ከተማ ኣዊል 4 ሽሕ ዶላር፣ ተቐማጦ ከተማ ቤንቲው ድማ 637 ሽሕ ፓውንድ ደቡብ ሱዳንን 200 ዶላር ኣመሪካን ንመናበዪ ስድራ-ስዉኣት ከምዘወፈዩ፡ ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ዝበጽሓና ሓበሬታ ገሊጹ።

ሰራሕተኛታት ግምሩክን ኢሚግሬሽንን ከተማ ባጽዕ ድማ፡ ንሰለስተ ስድራ ስውኣት ንነፍሲ-ወከፈን 6 ሽሕ ናቕፋ፡ ብጠቕላላ 18 ሽሕ ናቕፋ ደገፍ ገይሮም።

ኣብ ዞባ ማእከል - ነበርቲ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ እውን፡ ናይ 11 ክፍሊ ትምህርቶም ዛዚሞም ናብ ሳዋ ንዝወርዱ 31 ጽጉማት ተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ሓርነትን ዲያእን - ኣስታት 33 ሽሕ ናቕፋ ብገንዘብን ዓይነትን ሓጊዞም።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ወ/ሮ ልያ በረኸትኣብ፡ 25,200 ናቕፋ ብጥረ ገንዘብ፡ እቲ 7,750 ናቕፋ ድማ ብዓይነት ከምእተዋህቦም ሓቢራ።

# ባረንቱ - ህዝቢ ሻካት ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እንግዶት ወዲቡ

ህዝብን ምምሕዳር ከባቢን ሻኮት - ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ ኣብ ልምዓታውን ድሕነታውን ስራሓት ንዝጠፍኡ ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንምትብባዕ፡ ምሳሕ ኣዳልዮም ባህላዊ መደባት ብምውዳብ ብሓባር ተዘናጊዖም።

ኣመሓዳሪት'ቲ ከባቢ ወይዘሮ ግሬታ ባይ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ህዝቢ መስተርሆት ረኺቡ ቅሱን ህይወት ክመርሕ - ተራ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ዕዙዝ ምዃኑ ጠቒሳ፡ ኣብ ምውዳድ ቀረብ ማይን ምጽጋን ጽርግያታትን ዝተዓመ ስርሓት፡ መርኣያ ወሃደት ህዝብን ሰራዊትን ከምዝኾነ ገሊጻ።

ኣዛዚ ሳልሳይ ብርጌድ ክፍለ ሰራዊት 37 ካፕቴን ደብረጽዮን ነታባይ፡ ኣብ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣብ ዝሰላሰል ልምዓታዊ መደባት፡ ሰራዊት ኣብ ጉድኒ ህዝቢ ብምዃን ከም ወትሩ ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ቁሩብ ከምዝጸንሐን ከምዘሎን ብምርግጋጽ፡ ህዝቢ ንዝገበረሎም ኣንግዶት ኣመስጊኑ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ የማነ መሓሪ፡ ህዝብን ሰራዊትን ሓደ ኣካል ምዃኑ - እቲ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሻኮት ዝካየድ ዘሎ ወሁድ ንጥፈታት ግብራዊ መርኣያ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሻኮት ዝተተግበረ መደባት - 'ዲጋ ኣፋቴላይ'፡ ኣብ ምውሓስ ቀረብ ማይን፡ ኣብ ምምዕባል መሰኖኣዊ ሕርሻታትን ኣገዳሲ ተራ ክህልዎ ምዃኑ ነበርቲ ገሊጾም።

# ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ናይ ቀዳማይ መንፈቕ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ብ11ን 12ን ሓምለ ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ጁንዮር ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ናይ ቀዳማይ መንፈቕ ንጥፈታቱ ብምግምጋም ኣብ መደባት ካልኣይ መንፈቕ ዘተዩ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ ጾላዊ ኣስተምህሮታትን ስልጠናታትን ከምእተዋህበ፣ ዓሰራይ ፈስቲቫል ትካላት ሳዕለዋይ ትምህርቲ ዕዉት፡ ቅኑ ውዳበታት - ኣብ ምሕያል ውዳበታት ማሕበር ዝበርኦ ተራ ድማ ዕዙዝ ከምዝነበረ፣ ምስ መሻርኽቲ ሃገራውያን ማሕበራት ብምትሕብባር - ኣብ ኩለን ዞባታት ዝተኻየደ ሞያዊ ስልጠናታት ብጽቡቕ ከምእተዓመ፣ ኣብ 6 ዝተመርጹ ፕሮጀክትታት - ብመልክዕ ሓገዝን ልቓሕን መጠነ ደገፍ ከምእተገበረ ተገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዝተዓመ ንጥፈታት፣ ንመንእሰያት ኩሉ-መዳያዊ ንቕሓቶምን ተሳትፎኦም ኣብ ልምዓትን ንምብራኽ ዝተኻየደ ዜናውን ገስጋሳውን ስራሓት፣ ማሕበር ዝምድናታቱ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መዳይ ንምሕያል ዝተሰላሰሉ ዕማማት. . . ጽቡቕ ኸጋስ ከምዝርኣዩ ተጠቒሱ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዝበርዎ ደቂቕ ገምጋም፡ ኣብ ካልኣይ መንፈቕ ኣብ ኩለን ዞባታት ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ዝካየድ ስሩዕ መስርሕ ንቕሓትን ውዳበን - 'ዓይነታዊን ጾላውን ንምግባሩ ክጽናዕ' ኣብ ዝበልን፡ ኣብ ካልእ ኣገደስቲ ነጥብታትን ተመያዩጦም - ንኽሰርሓሉም ከኣ ኣብ ሓበራዊ መረዳእታ በጺሖም።

ኣብ መዛዘሚ ኣኼባ፡ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ናይ ምዕባለ ስትራተጂና ብምልኣት ንኽዕወት፡ ኩሎም ኣካላት መንግስትን ህዝብውን ብሕታውን ትካላትን፡ ትምህርትን ሞያዊ ፍልጠትን ዝዓጠቑ ኣፍረይቲ መንእሰያት ንምፍጣር ክጽዕሩ ተላብዩ።




# ዜና

## ኣብ ባጽዕን ተሰነይን፡ 1101 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ሰልጢኖም

ሃግመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዑ 974 መንእሰያት ካብ ሓደ ክሳዕ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሰሺኽወን ሞያውን ስልጠና ሂቡ።

ብ10 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት ምምራቕ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃግመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕ መንእሰይ ዳዊት ተኽለ፡ እቲ ስልጠና ቀያሕቲ ዕንቡ፡ ፊተውራራ ሕመረት፡ ከምኡ'ውን ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ መጻኢታ ትልሂት፡ ድሮማ ቀዳማይ ረድኤት፡ ኮምፕዩተር ኣፕሊከሽን፡ ተንቀሳቓስነ ደረቕን ካሜራ፡ ሓፈሻዊ ሱ-ጽሑፍን ኣተሓሕዛ መዝገብን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ኣብያተ-ጽሕፈት ትምህርቲን ጥዕናን ንኡስ ዞባ ባጽዕን ምምሕዳር ከተማ ባጽዕን ንጡፍ ተሳትፎኦ ከምዝነበሮም ሓቢሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ ኣቶ ተወልደ ተስፋዝጊ፡ ሃግመተኤ፡



መንእሰያት ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ሞያ ክሕዙን ካብ ዝተፈላለየ ወልፍታት ርሒቖም ኣብዶም ዘማእከሉ መጻኢታዊ ስልጠናታት ክቐስሙን ንዝገበሮ ዘሎ ጻዕሪ ድሕሪ ምድናቕ፡ ሰልጠንቲ ኣቲ ብ10 ዓውደ ሞያታት ቀሲሞምዎ ዘለዉ ፍልጠት ኣብ ግብሪ ብምትርጓም፡ ኣብዶምን ከብቢኦምን ከምዝዕበሉን መዚኖኦም ክጸልዉን ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

እቲ ኣብ ስታድዮም ከተማ ባጽዕ ዝተገብረ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት፡ ጉጅለ ባህሊ ሃግመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ብዘቕረብዎ ስነ-ጥበባዊ መሳናድኢታት ማዕረጊ ኒይሩ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ እውን፡ ሃግመተኤ ንኡስ ዞባ ተሰነይ - 127 መንእሰያት ተማሃሮ ብዝተፈላለየ ሞያ ንኣስታት ክልተ ወርሒ ኣሰልጢኑ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃግመተኤ ንኡስ ዞባ ተሰነይ - መንእሰይ መለስ ገብራይ፡ እቲ ትምህርቲ ን101 ተማሃሮ ብቐዳማይ ረዳኢት፡ ን26 ተማሃሮ ድማ ብስእልን ቅብኣን ከም እተዋህበ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ገብረእየሱስ፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ንህይወቶም ሓጋዚ ብምዃኑ፡ ጎድኒ-ጎድኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ከማዕብልዎ መኺሩ።

---

## "ዓይነ-ስዉራን፡ ኣብ መደባት ተሃድሶ ብንጡፍ ከምዝዋስኡ ምግባር ናይ ኩሉ ሓላፍነት እዩ" ኣቦ-መንበር ማሕበር

ዓይነስዉራን መኻብርኦም ንምቕያር ኣብ መደባት ተሃድሶ ብንጡፍ ከምዝዋስኡ ምግባር - ሓላፍነት መላእ ሕብረተሰብ ምዃኑ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ ስዉራን ኤርትራ ኣቶ ዳዊት ፍስሃ፡ ብ14 ሓምለ ኣብ ከተማ ደባርዋ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ገሊጹ።

ዕላማን ተልእኾን ማሕበር ብሰፊሑ ዝገለጸ ኣቶ ዳዊት፡ ሕብረተሰብ ኣብ ዓይነስዉራን ቅሉዕ ኣመለኻኽታ ሂልዩዎ - ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮኦም ክተሓባበር ኣዘኻኺሩ።

ምዕሩይ ኣገልግሎት ክረኽቡ ምስ መማኸስትን ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ትካላትን ማሕበራትን ዝምድናኦም ንምሕያል ብዕቱብ ዝሰርሓሉ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃስ ከኣ፡ ኣብ ምሕያል ደቂ-ኣንስትዮ ዓይነስዉራን ዓቢ ዛላ ከምእተመዝገበ ሓቢሩ።

ወከል ማሕበር ዓይነስዉራን ኣብቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሃብተ ኣስፍሃ፡ ዓይነ ስዉራን ደገፍ እናተገብረሎም ደሓን ኸጋኸ የርእዩ ከምዘለዉ ጠቒሱ፡ ሓገዝ ናይ መላእ ሕብረተሰብ ከይፍለዮም ተላቢዩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ኣብርሃም የሴፍ ድማ፡ ማሕበር ዓይነስዉራን ኣብ ዘካየዶ ንጥፈታት፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዘድሊ ሓገዝ ክገብር ድሉው ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።





---

## ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ተርእዮታት ኣንበጣ ብኣጋ ንምምካት ምትሕብባር ኩሉ ክሕይል ጸዊዑ

ተርእዮታት ኣንበጣ ምድረበዳ ብኣጋ ንምምካት፡ ምምሕዳራት፡ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን - ምስ ክኢላታት ሕርሻ ብምትሕብባር ዕቱብ ምክትታል ክገብሩ ሚኒስትሪ ሕርሻ ጸዊዑ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ መግለጺኡ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ካብ ወርሒ ግንቦት ዝጀመረ ዝናብ፡ ዋላ'ኳ ዝርጋሕኡ ዝፈላለ እንተኾነ - ትሰፋው ክራማት ዝኣምት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ዝናብ ብወሰኑን መጠንን ናብ ገለ ከባቢታት ምብራቓዊ ጎማምዒውን ስለ ዝለሓመ፡ ንምርባሕ ኣንበጣ ምድረበዳ ምቹእ ኩነታት ፈጢሩ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ተርእዮ ኣንበጣ ምድረበዱ ዋላ'ኳ ኣብ ናይ ምንፋር ደረጃ ዕበየት ኣይብጽሐ፡ ብዘሎ ምቹእ ኩነታት ተደሪኹ ናይ ምርባሕ ዓቕሚ ኣጥርዩ ብዝኸምታ ናብ ከቢታትን ምብራቓዊ ኣጻድፍን ሃገርና ይድይብ ከምዝሎ ብምሕባር፡ እዚ ሓደገኛ ዝኾነ ኣንበጣ፡ ካብ ጎላጉል ሓሊፉ ናብ ምብራቓዊ ኣጻድፍን ከቢታትን ምስ ዝድይብ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ሳዕቤን ከኸትል ከምዝኽእል ዘምጽእ ከምዝይኮነ ኣፍሊጡ።

---

## ፎሮ - ኣብ ማእከል ጥዕና ናይ ዝገላገላ ነብሰ-ጾራት ቁጽሪ ብ35% ወሲኹ

ኣብ ማእከል ጥዕና ፎሮ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይዚ ዓመት ዝተገላገላ ነብሰጾራት ቁጽሪ፡ ብ35 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ሓላፊ'ታ ማእከል ጥዕና ነርስ መወልዳን ሮሞዳን መሓመድ ዑመር ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጥዕናን መሻርኽቱን ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ንምዕባይ ሎሚ ዓመት ኣብ ገዛ ናይ ዝሓርሳ ኣዴታት ቁጽሪ ንምንካይ፡ ኮሚተ ኣደን ህጻንን ብምቛም ብወህደት ብዝተኻየደ ጎስጓስ - ቁጽሪ ኣብ ትካል ጥዕና ናይ ዝገላገላ ክወሰኽ ከምዝኸኣለ ኣረዲኡ።

ሽፈነ ክታበት ብ9.4 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ብምሕባር ድማ፡ ናብ ትካል ጥዕና ብምምልላስ ክንክን ናይ ዝገበራ ኣደታት ቁጽሪ ግን ከምዝጎደለ፡ ነዚ ንምዕራይ ጠንቂ ኣለሊኻ ናይ ምፍዋስ ስጉምቲ ይስራሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ነርስ ሮሞዳን፡ ኣብ ኩሉ ጥዕናዊ መዳይ ብሓፈሻ፡ ኣብ ድሕነት ኣደን ህጻንን ድማ ብፍላይ - ዕቱብ ጎስጓሳት ከምዝተኻየደ፡ እንተኾነ ጎስጓስ ጥራይ ኣኻሊ ስለ ዘይኮነ ብስጉምቲ ክስነ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ማእከል ጥዕና ፎሮ፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ማልካ፡ ኣይሮማሌ፡ ሓድሽ፡ ዙላ፡ ኣፍታን ፎሮን ንዝመጽኡ ዜጋታት ኣገልግሎት ከምእትህብ፡ ካብ ቤት-ጽሕፈት እታ ማእከል ጥዕና ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።

---

## ማእከል - ኣብ ድሕነት ትራፊክ ዝተመደቡ ተመሃሮ ስልጠና ተዋሂቡዎም

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጸርግያ ክሰርሑ ዝተመደቡ 168 ወፋሮ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ፡ ብምትሕብባር ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጸርግያን ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከልን ናይ ሓደ ሰሙን ስልጠና ተዋሂቡዎም።

ብ16 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነስርዓት፡ ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃይለ በራኺ፡ እቲ ትምህርቲ - ነቶም ተመሃሮ ኣብ ናይ'ቲ ንሓደ ወርሒ ኣብ ጎደናታት ተመዲቦም ዘሰላስልዎ ንጥፈታት ምኽባር ሕግታት ትራፊክ፡ ንቐጻሊ ጉዕዞ ህይወቶም እውን ሓጋዚ ምዃኑ ብምሕባር፡ ተጠቀምቲ ጸርግያ ክተሓባበርዎም ኣዘኻኺሩ።

ኣቦመንበር ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጸርግያ ኤርትራ ኣቶ እስጢፋኖስ ሃብተማርያም ብወገኑ፡ ተመሃሮ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ትምህርቲ፡ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ብሓፈሻ ናይ ስድራ-ቤታት ድማ ብፍላይ ክብ ኣብ ምባል ሓጋዚ ተራ ከምዘለዎ ኣረዲኡ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጸ. 1284

ሪፖርታዥ

# ጽምብል መመረቕታ ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

መመረቕታ ኣባላት መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ15 ሓምለ 2023 ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት ከም እተጸምበለን ብማዕከናት ዜና ሃገርና ከም እተመሓላለፈን ዝፍለጥ እዩ። እዚ ከኣ ኣብቲ ማእከል ትእምርቲ ጽንዓት፡ ጅግንነት፡ ተወፋይነት፡ ሓድሕዳዊ ፍቕርን ምትእኽኻልን ዝበሉ ሰውራውያን መትከላት ዝሕለገሉን እዝም ኣምራት ካብ ናብ ወለዶታት ዝሰጋገሩላን መዲና መንእሰያት ሳዋ እዩ ተኻይዱ።

ኣብ ኣፍሲ.ወጠፍ ካልኢት ስጡም ሪምታን ትርግታ ልቢን ዝሰመዐ፡ ውሕሉል ወተሃደራዊ ስልጠና ዝተኻየደሉ ሰሚዒት ኣፍሲ.ወጠፍ ኤርትራዊ ዝቐስቕስ ብዒይኑ ፍልይ ዝበለ ወተሃደራዊ ስልፊ ብሎኻት እዩ ቐሪቡ። ኣብቲ ጽምብል መንእሰይ ኣብ ሃገሩ ዘለዎ ጽኑዕ ፍቕሪ ንምግላጽ ብፈደላት ዝቖመ ፍሉይ ወተሃደራዊ ሰልፊ ተዋሊዱ። ኣብ ትሕዝቶ እቲ ወተሃደራዊ ሰልፊ "ሾዅብ ሳዋ ኣፍቀሪ.ኤርትራ" ዝብል ሕላገት ዝበሮ ብምርኻሽ ባንድ ዝተሰየ ሰልፊ ደማ እዩ ነይሩ።

ምርኢታትን ዝተፈላለዩ ኂብሶት፡ … ንኣከላዊ ብቐዓቶም ክብ ዘብል ስልጠናታት ተዋሂብዎም እዩ።" ክብል ኣሰሚሩሉ።

ኮሎኔል ደብሳይ ቀጺሉ፡ "ሎሚ ዓመት ካብ ጠቕላላ ብዙሒ. ተመረቕቲ እተን 49.8% ደቂ-ኣንስትዮ ኮይነን ኣብ ኩሉ ዝተዋህበ ስልጠናን ስራሕን ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ ብምስታፍ ብብቕዓት ዛዚ.መናኦ።" ድሕሪ ምባሉ ኣጠቓሊሉ፡ ጉምጋም ወጽኢት ሰልጠንቲ ኣብ ኩሉ ዝተኻየደሉም ወተሃደራዊ ንጥፈታት 75.4% ምኳኑ



ስነስርዓት መመረቕታ፡ ካብ ብድሮ ማለት ብዕለ.ቲ 14 ሓምለ ቅድሚ ቐትሪ ኣትሒዙ ኣብ ወተሃደራዊ ስልጠናታት ጸብለል ንዝበሉ ተመሃሮን ክፍላተ ሰራዊትን ናይ ሽልማት ስነስርዓት ብምዕዳል እዩ ንጥፈታቱ ክሰላሰል ጀሚሩ። በዚ. ማሰሪት ተመረቕቲ ኣብ ጨምት ተኸሲ፡ ኣካላዊ ብቕዓት፡ ስልታዊ ጥበባት፡ ወተሃደራዊ ስልፊ፡ ስነ ምግባር - ዲስፕሊን ኣብ ዘጠቓለለ ንጥፈታት፡ ዕውታት ንዝሸኑ ተመረቕቲን ኣሃዱታትን ካብ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ሽልማትን ናይ ምስክር ወረቓትን ተዓደሉ።

እዮም ተመረቕቲ፡ መንእሰይ ሳዋ ንሃገሩ ዘለዎ ክብርን ፍቕርን ንምግላጽ ዘቐምዎ ፍሉይ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ብዝዓዘበቲ ናእዳ ዘትረፈ. ምርኢት እዩ ነይሩ። እቲ ብ13 ብሎኻት ዝቖመ ወተሃደራዊ ሰልፊ ክሓልፍ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ግንባራትን ዕዱማትን ደው ብምባል ክሳብ መዛዘሚ ምዕራፍቲ ሰልፊ ኣሰንዮምዎ።

ሰዒቡ ብኣዚ. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደብሳይ ግደ ጸብጸብ

ኣረዳኢ። ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ጠቕላላ ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ታዕሊም ካብ ዝጀመሩ ሰልጠንቲ እቶም 4.2 ብዝተፈላለዩምኽንያታትከቋርጽዎእንከለው፡ 95.8% ከኣ ዝተዋህቦም ስልጠናታት ብዓወት ዛዚ.ሞም ናብ መመረቕታ ከም ዝበጽሑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ኣጥርዮሞ ዘለዉ ክለንትናዊ ንቕሓትን ዲስፕሊንን፡ ሓድሕድ ምድግጋፍን ሓድነትን ኣብ ዝምደብሉ ልምዓታዊ መደባት ክዕቅብዎን ክተግብርዎን ኣዘኻኺሩ። ብዘይካዚ፡ ነቲ ስነስርዓት መመረቕታ ንምድማቕ ዕዙዝ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኩሎም ኣካላት መጕሱ።

ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ "ንተመረቕቲን ወለዲን የሃና፡ ንኣለይቲን መምህራንን ከኣ ልዑል ምስጋና ይብጽሓኩም" ድሕሪ ምባሉ፡ ኮሮና መኪ.ትና ሰበርና፡ ብዘይ ቫክሲን ኽብ ምትእትታው ምዕራባውያን ሓይልታት፡ ኣብዚ. መድረኽ ምብጽሕና ፍሉይ መድረኽ ምኳኑ ምስታ ኣብቲ ኢጋጥሚ ዝቐረበት ድራማ ኣተኣሳሲሩ ገሊጹ።

(ምሉእ ትሕዝቶ መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ሳጹን ተመልከት)

ተመረቕቲ 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ወተሃደራዊ ስልጠና ከምኡ'ውን ዲስፕሊን ስነ ምግባር ንኡዳት፡ ምስ ካልኦት ዝሓለፉ ዙርያታት ብምውድዳር እውን እንተኾነ ጸብለልታ ዘርኣዩ ምኳኖም እዩ ኣብቲ ጸብጻብ ተገሊጹ። ብዘወሰኸ. ናይ ሎሚ ዓመት ተመረቕቲ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ስልጠናታት ሓያል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ዝበርም ምኳኖም ብምምልካት፡ እዚ. ደማ ወጽኢት ናይቲ መምህርቲ

ንጽባሒቱ ቐዳም ንግሆ 15 ሓምለ ኸኣ፡ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ጠቕላሊ. ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ፡ ኣዘዝቲ. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደብሳይ ግደ፡ ኣባላትን ዕዱማትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ስነስርዓት መመረቕታ 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብወግዒ. ፈሊሙ።

መመረቕታ መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመረቕቲ፡ ኣባላት መሰነርን ዕዱማትን በቦታኦም ድሕሪ ምሓዞም እዩ ብዘኸሪ ሰማእታት ዝፈለመ። ካብኡ ብምቕጻል ንኽቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናይ ብረት ሰላምታ ቀረበ። ብድሕሪዚ፡ ነቲ ናይ መመረቕታ ሃዋህው ክትከፍቶ ዝተሓርየት ፈላሚት ስነ ጥበባዊት ስራሕ፡ "መን ዲኻ!" ትብል ንመንእሰይ ሳዋ እትወክል ደርፊ እያ። ካብኡ ብምቕጻል፡

ተመረቕቲ ቀረቡ። ኮሎኔል ደብሳይ ንዕዱማት ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ሰላምታ ብምቕራብ፡ ንተመረቕቲ ደማ የሃና ድሕሪ ምባሉ፡ 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ 6 ዞባታትን 9 ብሄራትን ከምኡ'ውን ንኻልኦት ጾታ ብማዕረ ዘካተፈ. ዙርያ ምኳኑ ገሊጹ። ንሱ ቐጺሉ፡ "ሰልጠንቲ ካብ 22/8/2022 ክሳብ 24/3/2023 ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ተኸታቲሎም። ካብ 27/3/2023 ክሳብ 13/7/2023 ደማ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዛዚ.ሞም ኣለው። ሰልጠንቲ ኣብ ሳዋ ኣብ ዝጸንሕሉ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ፡ ሰሩዕ ናይ 12 ክፍሊ. ኣካዳምያውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ቀሲሞም። ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኂብሶታዊ ሰሚናር ተዋሂብዎም። ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ድማ፡ ወተሃደራዊ ስልፊ፡ ኣጻዋር፡ ስልታዊ ጥበባት ወተሃደራዊ ስነ ምግባር-ዲስፕሊን፡ ህንጻት ኣካላትን ካልኦት ዓይነት ስፖርትን ማእቶትን ባህላዊ

## መደረ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ተመረቕቲ 35 ዙርያ!**

**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ወለዲን ኣለይቲን!**

**ንኹሉም ተመረቕትን ወለዲን የሃና! ንኣለይቲን መምህራንን ከኣ ልዑል ምስጋና!!**

ኮሮና መኪ.ትና ሰበርና ብዘይ ቫክሲን ኽብ ምትእትታው ምዕራባውያን ሓይሊታት፡ ተጻብኦታትን መጥቃዕቲታትን ኣምኪ.ንና ተረርና፡ ኣብ ውሽጢ. ዝናወጽ ኀደቦን ብፍጥኑት ዝቅያየር ዓለምን ንዝበለጸ ልምዓትን መኸተን ኣብ እንምርሸሉ ዘለና መድረኽ ዝካየድ ዘሎ መመረቕታ ናይ 35 ዙርያ ናቱ ፍሉይ ቃና ኣለዎ።

ኣብ 34 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘተኣታተናዮ ምምሕያሽ መደባትና፡ ምስቲ ዛጊት ተዋህሊሉ ዘሎ ተመክሮ፡ 35 ዙርያ ብዝተዋጉዲ. ዝያዳ ዝተማሓየሸ ተመዝጊቡ ዘሎ መደባት ተተግቢሩ፡ ናብ ዝበረኸ ምስሳን ጸጋ ሰብና ምእንቲ ክወስደና፡ ኣብ መደባት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣጉዳሲ. ምዕራፍ ዝሓዘ ዙርያ እዩ።

ተማሃሮኹን ተኣዲፉን ዘሎ ኣተሓሕዛ፡ ሓደ - መሕለፊ ነጥቢ. ዝረኸቡ ተመረቕቲ፡ ኣካዳምያዊ ጕዕዞኦም እናቐጸሉ፡ ሕርያታቶም ምስ ኣገዳስቲ ሃገራዊ ቀዳምነት ንምውህሃድ ኣብ ጽላታት ከም ዝዘመድ ንምግባር ናብ ዘድምዕ ዓውዲታት ከም ዝምርሑ ምግባር እዩ።

ካልኣይ - መሕለፊ ነጥቢ. ኣይረኸቡን ንዝበሃሉ፡ናይ ግድን መሕለፊ ከም ዝረኸቡ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ተመዲቦም ኣካዳምያዊ ጕዕዞኦም እናቐጸሉ፡ ብስራሕ ተመክሮ እናደለቡ፡ ኣብ ሃገራዊ ዓይነታዊ ጸጋ ሰብ ተደማሪ ኣበርክቶ ከም ዘረጋግጹ ንምግባር ጥሙር ትምህርታዊ መደባት ምትግባር እዩ። እዚም ብሓፈሻ ተኣዲፎም ዘለዉ ዝርዝራቶም ኣብ ማስርሕ ዘሎ መደባትና፡ ብቐዳምነት ተመረቕቲ ንቕሓቶም ክሀጥፍሎምን ክዋስኣሎምን፡ ወለዲ ዝግበኦ ደገፍ ክገብሩ፡ መምህራንን ኣለይቲን ከኣ ኣብ ዘድምዕ ፍልጠት ምዕባለኦም ባህሊ. ሓያል ክብርታት ኣብ ምኽሳቦም ኣበርክቶኦም ክሰርሑ ወይ ከበርክቱ ይግባእ። ደጊም ንተመረቕቲ ኣይትሕመቑ እናበልኩ፡ ብስም ዝኸሪ ሰማእታትና ዓወት ንሓፋሽ!!!

ዝዕበር ዘሎ ሓያል ጻዕርን ወፍርን ኣብ ስርዓት ትምህርቲ፡ ማይ፡ ኤሌክትሪክ፡ ጥዕናን ካልኦት መሰረታውያን መሳለጥያ ምኳኑ ተጠቒሱ።

ኣብቲ ኢጋጥሚ ንህዝቢ ከተታት ሃገርና ዞባን ዝጸለለት "ኽዞ" ዘርእስታ ስነ ጥበባዊት ስራሓት ቀሪባ ነይራ። ኣብ ትሕዝቶ እታ ድራማ ተጻዊቱ ወፍሪ ኣብ ልዕሊ. ኤርትራ ከሰበድድዎ ዝሃቀኑ ሓይሊ ሸርሒታት ብጽኑዕ ሓድነት ህዝቢ.ን መንግስቲን ውትሩ ከም ዝበርሃን ብምምልካት፡ በንጻሩ'ኳ ደኣ ሽቐልቲን ኣሽቀልቲምን እቲ ናብ ዝበልዎ ክፉእ ተጻብኦታቶም ከም ኣንቀልቀልኣ ዝሽንፉ ናብኦም ብምምላሱ፡ ኣብቲ መንዚ. ህዝቢ.ን መንግስቲን ኤርትራ ዝሰሰበዎ ታኸላ መጻወድያ ንዐኦም ግዳይ ብምግባር ናብ ኣፉ መቓብር ከምርሑ ባይታ ዘጣጥሑ ምርኢት ኸዞ ምኳኑ

ተመልከት ዕዮ ደማ እያ ነይራ።

ኣብቲ ጽምብል ስነስርዓት መመረቕታ፡ ንብሉጻት ሰልጠንቲን ኣሃዱታትን ካብ ኢድ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ ሽልማት ተዓደለ። ኣብ መወዳእታ፡ ሰልጠንቲ ንየቶም ሓቢሒሞም ዘምሃሩዎም ወለዲን ህዝቢ.ን ከኸሕሱ፡ ኣታ ዘይትትኾእ ህይወቶም በጀ ገይሮም ሰላማዊ መብበሮ ክምርሑ ዘኽኣልዎም - ንልኡላውነት ሃገሮም ዘደረፈሩ ጃጋኑ ሰማእታት ሕድሮም ብዓጸሩ ግዚ.ሪ ክድኑበሉ፡ ኣሰር ኣሕዋቶም ከጽንዑ ዘለዎም ድሉውነት ብምርግጋጽ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ.ን መንግስቲን ቃል ማሕላ ፈጺሞም። ስነስርዓት መመረቕታ መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብኽብ ዝበለ ባህላዊ መሰናድኦታት ደሚቑ ዘርፈደ ኮይኑ፡ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።





# ስነ-ስርዓት ምምራቕ
# መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት

















ዲዛይን ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ. ታእዛዝ ኣብርሃ
ሳልሕ ዓብደልቓድር
ኣብርሃም በየነ



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ብዛዕባ ስኪዞፍረንያ ክንፈልጦ ዝግበኣና ሓቅታት

* ስኪዞፍረንያ፡ ካብ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝያዳ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ደርኡ።

* ልዕሊ 21 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ብሕማም ስኪዞፍረንያ ዝተጠቕዐ እዩ።

* ኣስታት ፍርቂ ግዳያት ስኪዞፍረንያ፡ ተወሳኺ ሕማም ኣእምሮ የማዕብሉ።

ስኪዞፍረንያ (Schizophrenia)፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ዘንጸባርቕ ሕዱር ሕማም እዩ። ንናይ ሰባት ጠባይ፡ ኣተሓሳስባን ስምዒትን ዝጸሉ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገም ተባሂሉ ይግለጽ።

ንጹር ዝኾነ ኣሃዛዊ ጸብጻብ ክትረክብ ዘኽእል'ኳ እንተዘይሃለወ፡ እዚ ኣእምሮኣዊ ጸገም'ዚ ንሓደ ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ከም ዝጸልዎ ይግመት።

ግንዛበ ኣብ ልዕሊ ስኪዞፍረንያ

* ስኪዞፍረንያ ምስ ምቕያር ሰብኣውነት ምትእስሳር የብሉን።

ስኪዞፍረንያ (schizophrenia)፡ ከም ቃል - 'ስኪዜን' (skhizein) ካብ ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል እዩ መጺኡ። ምምቃል ወይ ካብ ሓደ ነገር ምፍላይ ከም ማለት ክኸውን እንከሎ፡ 'ፍረን' (phren) ድማ ኣእምሮ እዩ። ስለ'ዚ ስኪዞፍረንያ፡ ዝተፈልየ ጠባይ ወይ ሰብኣውነት ዘለዎ ከም ማለት ይወሰድ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ሓደ ስኪዞፍረንያ ዘለዎ ሰብ፡ 'ዝተፈልየ ሰብኣውነት' (split personalities) ከም ዘለዎ ገይርካ እዩ ክውሰድ ጸኒሑ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን፡ እቲ ሕማም ብንቑሕካ ዝርአ ሕልሚ (ማለት ሃተፍተፍ) ከምኡ'ውን ምስ ዝንጋዐ እምነት፡ ምስ ምፍላይ ሰብኣውነት ዝኾነ ምትእስሳር ከም ዘይብሉ እዩ ዝግለጽ።

* ከም'ቲ ሙብዝሕትና እንርድኦ ስኪዞፍረንያ ዘለዎም ሰባት ተራጻምትን ተጓዳእትን ኣይኮኑን።

ስኪዞፍረንያ ዘለዎ ሰብ፡ ተጓዳኢ፡ ተገራጫውን ተባኣስን ገይርና እንግምቶ ብዙሓት ኢና። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ፊልምታት ዝላበሱ ገጸ ባህሪ ስኪዞፍረንያ፡ ሙብዝሕትኦም ረበሽቲ፡ ንዝበሶምን ንኻልኦት ሰባትን ሃሰይትን ተጓዳእትን ኮይኖም ይቐርቡ እዮም። እዚ ርድኢት'ዚ ግና ግጉይ ምኻኑ እዮም ክኢልታት ዝገልጹ። እቲ ልሙድ ግዳያት ስኪዞፍረንያ ዝርእይዎ ምልክታት፡ ምድንዛዝ ስምዒትን ሕጽረት ምግላጽ ስምዒታትን እዩ።

* ምልክታት ስኪዞፍረንያ ኣብ ግዜ ብጽሕና እዩ ዝጅምር፡

ምብዝሕትኦም ግዳያት ስኪዞፍረንያ፡ ምልክታቱ ኻና ናብ ብጽሕና ኣብ ዝሰጋገሩ ዕድመ እዩ ዝጅምሮም።




እቲ ምልክት፡ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ መጀመርታ 20'ታት ዕድሚ፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ካብ 20 ክሳብ መጀመርታ 30'ታት ዕድመ ኣብ ዘሎ እዋን ይኸሰት። ኣብ ግዜ ብጽሕና ኣእምሮ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ምዕባለ ዝበጽሓሉ እዋን እዩ። ኣብዚ ዕድመ'ዚ፡ ሓንጎል ንዝተፈላለየ ሕማም ኣእምሮ (psychotic disorders) - ንኣብነት ንከም ስኪዞፍረንያ ዝተቓልዐ እዩ።

* ስኪዞፍረንያ ኣሉታውን እወታውን ምልክታት ኣለዎ፡

ኣብዚ ጉዳይ፡ ኣሉታውን እወታውን ማለት፡ ጸቡቕን ሕማቕ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ስኪዞፍረንያ እወታዊ ምልክት ብንቑሕካ ምሕላም፡ ምስትምሳልን ካልእን ዝኣመሰሉ ምልክታት የጠቓልል። እቲ ኣሉታዊ ምልክት ስኪዞፍረንያ፡ ብሰንኪ'ቲ ሕማም ዝርአ ከም ውናኣዊ ተበግሶ ምጉዳል፡ ኣብ ህይወት ግዱ ዘይምግባር፡ ብግቡእ ዘይምዝራብ፡ ምዕጻው ሽውሃት ወዘተ ይጽብጸብ።

* ስኪዞፍረንያ ተወርሶኣውን ኣከባብያውን ጠንቅታት ኣለዎ፡

ስኪዞፍረንያ መሰረቱ፡ ብሓደ ዝተለለየ ጠንቂ ጥራይ ዝመጽእ ሕማም ኣእምሮ ኣይኮነን። ተወርሶ ሓደ ካብ ስኪዞፍረንያ ከተማዕብል ዝገብር ጠንቂ እዩ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ስኪዞፍረንያ ካብ ዘለዎም ስድራ ዝውለድ፡ ኣብ ግዜ ብጽሕና ነቲ ሕማም ከማዕብሎ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ኣብ መንጎ ኣከባብያዊ ረቛሒታትን ስኪዞፍረንያን ምትእስሳር ከም ዘሎ'ውን ክንዝንግዖ የብልናን። ኣብ ግዜ ህጻንነት ዝወርድ መጉዳእቲ፡ ዓመጽ ከምኡ'ውን ከባቢያዊ ማህሰይቲ ጠንቂ ሕማም ስኪዞፍረንያ ኮይኑ ይግለጽ እዩ።

* ስኪዞፍረንያ ካልእ ሕማማት ከተጥሪ ዝሎ ተኽእሎ የዕቢ፡




ግዳያት ስኪዞፍረንያ፡ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ፡ ሕማም ሽኮር፡ ከምኡ'ውን ብሰንኪ ጭንቀት ዝፈጠሮ ብዝሒ ምትካኽ ሽጋራ ዝመጽእ ሕማማት ሳንቡን ካልእን ብቐሊሉ ይጥቅዑ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ቅልጡፍን ግቡእን ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዘይረኽቡ፡ ግዳይ ሞት ክኾኑ ይኽእሉ።

ብተወሳኺ፡ ስኪዞፍረንያ ዘለዎ ሰብ፡ ነፍሱ-ቅትለት ክፍጽም ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

* ስኪዞፍረንያ ምስ ካልኦት ሕማማት ኣእምሮ ሓቢሩ ክምዕብል ይኽእል፡

ስኪዞፍረንያ ዝሓመሙ ሰባት፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ሕማም ኣእምሮ ከማዕብሉ ይኽእሉ እዮም። ግዳያት ስኪዞፍረንያ፡ ከም ቃዛኖት፡ ፍርሒ፡ ወጥሪ ወዘተ ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ሙብዝሕትኦም ምልክታት ስኪዞፍረንያ፡ ምስ ምልክታት ቓዛኖት ዝተመሳሰለ እዩ። ክልቲኦም ነፍሰ-ቅትለት ክትፍጽም ምድላይን ኣብ ህይወት ግዲ ዘይምግባርን ዝኣመሰሉ ምልክታት የርእዩ።

### ጠንቅታት ስኪዞፍረንያ

ተመራመርቲ፡ ጠንቂ ስኪዞፍረንያ ንምፍላጥ ሓያሎ መጽናዕትታት ኣካይዶምን የካይዱ ኣለዉ። ዛጊት ጠንቂ እዩም ኢሎም ዝገለጽዎም፡ ስነ-ሰረት (genetics)፡ ቅርጻዊ ለውጢ ኣብ ሓንጎል፡ ኬሚካላዊ ለውጢ ኣብ ሓንጎል፡ ጥንሲ ወይ ናይ ወሊድ ጸገም፡ ኣብ ህጻንነት ዝርአ መጉዳእቲ ወይ ስንባደ፡ ግዙእ ኣልኮላዊ መስተን ሓሺሽን ምኻን እዮም።

ዝኾነ ጠንቅታት ብግቡእ ምፍላጥ፡ ነዚ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ሰባት ኣየኖት ምኻኖም ንምልላይ ሓጋዚ እዩ። በዚ ድማ፡ ኣቐዲምካ ንምእላዩን ንምክልኻሉን ይከኣል።

=> ስነ-ሰረት (Genetics)

ሓደ ካብቲ ዝለዓለ ጠንቂ ስኪዞፍረንያ፡ ስነ-ሰረት እዩ። ስድራኻ ወይ ኣዝማድካ ስኪዞፍረንያ ዘለዎም ምስ ዝኾኑ፡ ነቲ ኣእምሮኣዊ ጸገም'ዚ ከተማዕብል ዘሎካ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ሓደ ንጹል ሰረት (gene)፡ ጠንቂ ናይቲ ሕማም ክኸውን ከም ዘይክእል እዮም ተመራመርቲ ዘመልክቱ። ስኪዞፍረንያ ክምዕብል ዝኽእል ብወሀደት ናይ ዝተፈላለዩ ስነ-ሰረት እዩ።

 እዚ ንምንጻር፡ ኣብ ማናቱ ሓያሎ መጽናዕትታት እዮም ተኻይዶም። ስነ-ሰረት ስኪዞፍረንያ ንኽምዕብል ተራ ከም ዘለዎ ክረጋገጽ'ኳ እንተተኻእለ፡ ንበይኑ ጥራይ ጠንቂ ከም ዘይምኻኑ ግና ከጸርዎ ክኢሎም እዮም።

ሓደ ካብ ተመሳሰልቲ ማናቱ (identical twin)፡ ስኪዞፍረንያ ምስ ዝህልዎ፡ እቲ ካልኣይ ነቲ ጥዕናዊ ጸገም ከማዕብል ዘለዎ ተኽእሎ ሓደ ካብ ክልተ ዕድላት ምኻኑ፡ እቲ መጽናዕቲ የመልክት። እዚ ዋላ እቶም ተመሳሰልቲ ማናቱ ተፈላልዮም ይዕበዩን ይቕመጡን ይሃልዉ፡ ክጸላለዉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

እቶም መናቱ ተመሳሰልቲ ምስ ዘይኮኑ (nonidentical)፡ እቲ ሓደ ስኪዞፍረንያ ከማዕብል ዘለዎ ተኽእሎ ሓደ ካብ ሸሞንተ ዕድላት እዩ። ብተዛማዲ ብሓፈሻ ካብ ህዝቢ ዓለም ሓደ ካብ 100 ስኪዞፍረንያ ከማዕብል ተኽእሎ ኣሎ።

=> ቅርጻዊ ለውጢ ኣብ ሓንጎል

ብስኪዞፍረንያ ዝተጠቕዐ ሰብ፡ ካብቲ ጥዑይ ሰብ፡ ሓንጎሉ ዝተፈልየ ቅርጺ ክህልዎ ይኽእል እዩ። እዚ ቅርጻዊ ለውጢ ናይ ሓንጎል ግና ኣብ ኩሎም ግዳያት ናይዚ ሕማም ኣይረኣን እዩ።

ዛጊት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘጸርዎ፡ ናይ ኣዝዩ ንእሹቶ ለውጢ ኣብ ቅርጺ ናይ ሓንጎል ናብዚ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ክሰጋገር ይኽእል።

=> ኬሚካላዊ ለውጢ ኣብ ሓንጎል

ኣብ ሓንጎል ዝርከቡ ነንሕድሕዶም ዝተወሳሰቡ ኬሚካላት - ማለት ኒውሮትራንስሚተርስ (neurotrans-mitters)፡ ካብ ሓንጎል ናብ ዋህዮታት ኣካላትና መልእኽትታት ኣብ ምቅባል እዮም ዝጥቀሙ። ትሑት ወይ ዘይምዕሩይ መጠን ናይዞም ኬሚካላት'ዚኦም፡ ስኪዞፍረንያን ካልእ ኣእምሮኣዊ ጸገማትን ኣብ ምምዕባል ጠንቂ ይኾኑ።

ዶፓሚን (dopamine)፡ ሓደ ካብ ኬሚካላት ናይ ሓንጎል ኮይኑ፡ ዘይምዕሩይ ምስ ዝኸውን ብቐሊሉ ስኪዞፍረንያ ክፈጥር ይኽእል እዩ። ግሉታሜት (glutamate) እውን ካልእ ኬሚካል ናይ ሓንጎል ኮይኑ ዓቕሙ ምስ ዝጎድል ጠንቂ ስኪዞፍረንያ ክኸውን ይኽእል።

=> ጥንሲ ወይ ናይ ወሊድ ጸገም

ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ዝረኣዩ ሕልኽላኻት፡ ንስኪዞፍረንያ ሓዊስካ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዕሸል ዝፍጠሩ ናይ ኣእምሮ ጸገማትን ካልእ ሕማማትን ሓያሎ እዮም። እዚ ሕልኽላኻት'ዚ፡-

* ትሑት ንብር ክብደት ወሊድ፡
* ረኽሲ ኣብ ግዜ ጥንሲ፡
* ሕጽረት ኦክስጅን ኣብ ግዜ ሕርሲ (asphyxia). . . ወዘተ ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት'ውን ክፈጥር ይኽእል እዩ።

=> ኣብ ህጻንነት ዝርአ መጉዳእቲ ወይ ስንባደ

ኣብ ግዜ ህጻንነት ዝርአ መጉዳእቲ ወይ ስንባደ (trauma)፡ ስኪዞፍረንያ ከተማዕብል ጠንቂ ምኻኑ እዮም መጽናዕትታት ዘመልክቱ። እናተጸለኡን ምሕር እናተቐጥቀጡን ዝዓብዩ ሰባት፡ ብስኪዞፍረንያ ብቐሊሉ ተጠቃዕቲ እዮም።

ብሞት፡ ብፍትሕ ወይ ብዝኾነ ካልእ ኩነታት ምስ ክልቲኦም ወለዶም ሓቢሮም ዘይዓበዩ ሰባት፡ በዚ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገም'ዚ ክጥቃዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝያዳ ምኻኑ'ውን መጽናዕትታት የመልክቱ።

=> ግዙእ ኣልኮላዊ መስተን ሓሺሽን ምኻን

ግዙእ ኣልኮላዊ መስተን ሓሺሽን ምኻን፡ ንጠንቅታት ስኪዞፍረንያ ከም ዘዛይዱ መጽናዕትታት የረድኡ።

### ስኪዞፍረንያ ክንከላኸሎ ይከኣልዶ?

ተመራመርቲ፡ ጠንቂ ስኪዞፍረንያ ምሉእ ብምሉእ ክለልይዎን ክርድእዎን ክሳብ ዘይከኣሉ፡ ንምክልኻሉ ንጹር ዝኾነ መንገዲ ክህቡ ይጸግሙ እዮም። ይኹን'ምበር፡ ግቡእ መርመራ ብምግባር፡ ዝወሃቦ ክንክንን ሕክምናዊ ፍወሳን ብግቡእ ምስ እትከታተል፡ በቲ ሕማም ክትሳቐን ከውርደልካ ዝኽእል ጉድኣት ኣብ ምጉዳልን ልዑል ግደ ከም ዘለዎ ክዝንጋዕ የብሉን።

ብስነ-ሰረት ወይ ተወርሶ፡ ነቲ ሕማም ከተማዕብል ኣብ ሓደጋ ምስ እትህሉ ድማ፡ ናብቲ ሕማም ክሸሙን ኪጋድዱን ካብ ዝኽእሉ ተወሰኽቲ ጠንቅታት ክትእለ ይግባእ። እቶም ተወሰኽቲ ጠንቅታት - ጭንቀት፡ ኣልኮላዊ መስተ. . . ወዘተ እዮም።

ምንጪ፦ mayoclinic

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለስ ስፖርት |
| 15:20 | ዶክመንታሪ |
| 16:00 | ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ኑፍሒ |
| 16:20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ስነ-ስርዓት ምምራቕ 35 ዙርያ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት |
| 19:25 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | 30 ዓመታት መኸተ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መመረቕታ ተመሃሮ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ

ዮርዳኖስ ጸጋይ
ስእሊ፥ ኣቤል በረኸት

እዋኑ እዋን ክረምቲ ብፃኻኑ፡ ንዓመት መመላእታ ክቕጽል ዝጸንሐ ዓመት ትምህርቲ ዝዛዘመሉ ወቕቲ እዩ። ኮለጃት ሃገርና ከኣ ኑቶም


ዶ/ር ካሕሳይ ንጉሰ

ንዓመታት ብፍልጠት ኣብ ማህደረን ኩስኩሰንኦም ዝጸንሓ ተመሃሮኦን ኣብ ምፍናው ይርከቡ፡ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ድማ ዝሓለፈ ቀዳም ምዕሩግ ስነስርዓት መመረቕታ ኣካዪዳ ነይራ።

ንሕና'ውን ኣብቲ ስነስርዓት ንምክትታል፡ ጸሓይ ከይበረቐት ኢና ገዕዝና ናብ ብሎኮ ጉዳይፍ ኣቕኒዕና። እቲ ኣብ ምጅማሩ ዝርከብ ወቕቲ ክረምትኑ ንኣዒንቲ ሰሓቢ ትርኢት ፈጢሩ፡ የማጉጸጋምና ዝበረ ለምዒ እናስተማቐርና፡ ከይተረደኣና ናብ'ቶም ኣብ'ቲ ኮለጅ በጺሓም ብሓጎስ ተወዛዊዞም ክብሎ ዝጸንሑ ወለድን ተመረቕትን ተጸንበርና። ናብ'ቲ ኣደራሽ ኣብ ዘምራሕናሉ፡ ብርኽት ዝበሉ ወለዲ ተመረቕቲ፡ ቦታኦም ሒዞም ኑቲ ናይ ምምራቕ ስርዓት ክጅምር ብሃንቀውታ ክጽበዩ ጸኒሖምና። ሰዓት ምስ ኣኸለ ድማ፡ መማህራንን ተመሃሮን ብዕልልታን ጨብጨባን ተሰንዮም ቦታኦም ሓዙ።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 16 ግዜኡ እዩ መመረቕታ ዘካየደ ዘሎ። እቲ ጽምብል፡ ድሕሪ ኮሮና ሎሚ ዓመት ንፈለማ ግዜኡ'ዩ ብእኩብ ተኻዩዱ። ንቻንስለር ሃገራዊ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲን ምርምርን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ወኪሉ ዝተረኸበ ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃ፡ ወኪል ፈጻሚ ዳይረክተር ሃገራዊ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲን ምርምርን ፕሮፌሰር ዘመንፈስ ጽጊ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲን ግንባርን ኣምባሳደራት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ወለዲ፡ ተመሃሮ፡ መማህራን፡ ኣባላት ምምሕዳር ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሕን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኸብሉ ድማ እቲ መመረቕታ ተሰላሰለ።

እቲ ጽምብል ሰዓት 8:30 ብዘኸረ ሰማእታት ምስ ጀመረ፡ ዲን ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ዶ/ር ካሕሳይ ንጉሰ እዩ፡ ኑቲ ኢጋጣሚ ዝምልከት ናይ የውሃና መልእኽቱ ኣስሚዑ። ዶ/ር ካሕሳይ፡ ተመረቕቲ ትምህርታዊ ዕማሞም ፈጺሞም፡ ጭቡጥ ፍረ ጻዕሮም ብምርካቦም ሓጎሱ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኑቲ ብቐሊል ዘይግመት ዝኸሰብዎ ልቦናውን ማሕበራውን ዕብየት፡ ኣብ'ዚ ዘለውዎ ደረጃ ተሓጺሩ ንኸይተርፍ፡ ኣብ ረብሓ ኑቦዎምን ሕብረተሰቦምን ከውዕልዎ ኣዘኻኺሩ።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡ ንሕርሻዊ ምህንድስና፡ ከሚካላዊ ምህንድስና፡ ሲቪል ምህንድስና፡ ስነ-ፍልጠትን ምህንድስናን ኮምፒዩተር፡ ኤለትሪካውን ኤለትሮኒክስን ምህንድስና፡ ምህንድስና ባሕሪ፡ መካኒካዊ ምህንድስና ከምኡውን ዕደናዊ ምህንድስናን ዘጠቓለለ እዩ። እዘን ክፍልታት እዚኣተን ድማ፡ ብበይኖውደን ምህንድስናውን ቴክኖሎጂያውን ትምህርትን ስልጠናን፡ ብደረጃ ዲግርን ዲፕሎማን ይህባ። እቲ ብደረጃ ዲግሪ ዝወሃብ ትምህርቲ፡ መሰረታዊ ምህንድስናዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ስልጠና ኮይኑ፡ ንሓሙሽተ ዓመት ዝቕጽል እዩ። ናይ ዲፕሎማ መደብ ድማ፡ ንሰለስተ ዓመት ዝቕጽል ኮይኑ፡ ብዋዕባ ዝተሰነየ ምህንድስናውን ቴክኖሎጂያውን ስልጠና ዝሓቑፈ እዩ።

ሎሚ ዓመት እዚ ኮለጅ፡ ብደረጃ ዲግሪን ዲፕሎማን ዘምሃሮም 424 ተመሃሮ እዩ ከመርቕ በቒዑ ዘሎ። በዚ መሰረት፡ ብሸሞንተ ዓውድታት ምህንድስና ዝተማህሩ፡ 21 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 153 ተመሃሮ ብማዕርግ ዲግሪ ክምረቑ ከለዉ፡ ብትሽዓተ ዓውደ ትምህርትታት ዝተመሃሩ 125 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 271 ተመሃሮ ድማ ብማዕርግ ዲፕሎማ ተመሪቖም ኣለዉ።

"ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ኮለጅ፡ ሓላፍነት ዝስምዖም፡ ብቑዓትን ፍልጠትን ከምኡ'ውን ቴክኒካዊ ክእለት ዝዐጠቑ ክኢላታት ምህንድስና ብምፍራይ፡ ኣብ ቁጠባዊ ልምዓት ህዝብን ሃገርን ዝዓብየ ኣበርክቶ ከምዝህልዎም ምግባር እዩ" ክብል ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ዶ/ር ካሕሳይ ንጉሰ ወሲኹ ገሊጹ።

እዚ ኮለጅ ማዕረ'ቲ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን መደባት፡ ዓቕሚ ሰቡ ንምዕባይን ንምሕያልን፡ ኣባላቱ ንማህደረ ትምህርቲ ንወጻኢ ሃገራት እናለኣኸ፡ ኣብ ወጻእተኛታት መማህራን ዝነበሮ ጽግዕተኛነት ንምንካይ፡ ሓደ ካብ'ቲ ኣተኩሩ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዕማማት ምዃኑ'ዩ ዶ/ር ካሕሳይ ኣብሪሁ። ኣብ'ቲ ኮለጅ፡ ብድምር 86 ኣካዳሚያዊ መማህራን ከምዘለዉ፡ ካብዚኦቶም እቶም 43 ኤርትራውያን፡ እቶም ዝተረፉ ድማ፡ ወጻእተኛታት ምዃኖም ዝጠቐሰ ዶ/ር ካሕሳይ፡ ካብ'ቶም ንማህደረ ትምህርቲ ንወጻኢ ተላኢኾም ዘለዉ 17 ኣባላት፡ ኣብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ፌደረሽን ሩስያ፡ ሃንጋሪን ጃፓንን ናይ ዶክተረይትን ማስተረይትን ትምህርቶም ዝኸታተሉ ዘለዉ ከምዝኾኑ ሓቢሩ።

ወኪል ተመረቕቲ ዝኾነት ዕሉት ኣመልኪቱ ኣብ ዘስመዐ ቃል፡ ነዛ መዓልቲ ክውን ንምግባር ዝጸዓቱ መንግስቲ፡ ወለዲ፡ መማህራንን ኩሎም ኣባላት ኮለጅን ዕዙዝ ምስጋና ብምቕራብ፡ ንምዕዋቶም ሓቢሮም ኣብ ናይ ትምህርቲ ግዜኦም ዘፍሰስዎ ጻዕሪ ናብ ሓዱድ ብሉጽነት ከምዘደፍኦም ገሊጹ። እዛ መዓልቲ መውዳእታ ናይ ሓደ ምዕራፍ ህይወት ኮይና፡ መጀመርታ ናይ'ቲ ዝቕጽል፡ ንህዝብን መንግስትን ስለ'ቲ ዝገበርዎ ውዕሎት ዝኽሕሰሉ ምዕራፍ ከምዝኾነት ድማ ኣረዲኡ። ንሱ ኣሰዒቡ፡ ኣብ'ቲ መንግስቲ ዘሕንጸጾ ጽላት ቁጠባን ምዕባለ ቴክኖሎጂን፡ በቲ ተጠርዩ ዘሎ ሞያ ንህዝብን ሃገርን ብዘይተገቱኣበት ምግልጋል ዕማም ናይ ነፍሲ-ወከፍ ተመራቒ ከምዝኾነ ከኣ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ መዓልቲ ምረቓ፡ ንብሉል ኮለጅ ቴክኖሎጂን ምህንድስናን ማይ-ነፍሒ ኮይኑ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ዝኾነ ተመራቒ ዓውዲ ኤለትሪካውን ኤለትሮኒክስን ምህንድስና፡ መንእሰይ ናህም የማነ እዩ። መንእሰይ ናህም፡ ኑቶም ብብእዋኑ ዘጋጥምዎ ዝነበሩ ብድሆታት፡ ከም ኣመጻጽኣኦም ሰጊሩ ብዘለዓለ ነጥቢ ክምረቕ ምኽኣሉ፡ ሓጎሱ ወሰን ከምዘይብሉ ገሊጹ። ራኢኻ ምንጻርን ኣብኡ ኣትኪልካ ግዜኻ ብግቡእ ኣመሓዲርካ ምስራሕን፡ ሓደ ካብ'ቲ ናብ'ዚ ዓወት ክበጽሕ ዘኽኣሎ ምስጢር ምዃኑ ወሲኹ ዝሓበረ መንእሰይ ናህም፡ ኑቲ እናለዓለ ዝኸይድ ደረጃታት ትምህርቲ ንምግጣም ዘኽእል እዋናዊ ሜላ ኣጸናንዓ ምኽታል፡ ካብ'ቲ ከሉ ተማሃራይ ክጸቕጠሉ ዝግባእ ኣገባብ ኣጸናንዓ ምዃኑ ኣገዚቡ። "ህይወትና፡ ከመሓድራ እንኽእል ዓብይ ትካል'ያ" ዝበለ መንእሰይ ናህም፡ ተመሃሮ ግዜኦም ብመደብ ኣመሓዲሮም ትምህርታዊ ጉዕዞኦም ክካይዱ ተላቢዩ። ኣብ መወዳእታ፡ በቲ ዝተመሃረሉ ዓውዲ፡ ኑቲ ብናጻ ዘምሃረን ዘዐንገለን ህዝብን መንግስትን ብምሉእ ዓቕሙ ከገልግል ምዃኑ ሓቢሩ።

ካልኣይ፡ ኣብ'ቲ ጽምብል፡ ብማዕርግ ዲፕሎማ ብውህሉል ነጥቢ 3.72 ብምምጻእ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ንዝኾነት መንእሰይ ሮዳስ ተወልደ ኣዘራሪብናያ ነይርና። መንእሰይ ሮዳስ፡ ኣብ'ዛ ፍረ ጻዕራ ትሓፍሰላ ዕለተ መመረቕታ ምብጽሓ ዝተሰምዓ ሓጎስ ልዑል ምዃኑ ብምሕባር፡ ምስጢር ዓወታ ንግዜኣ ብዝምጥእ ስለዝተጠቐመትሉ ከምዝኾነ ገሊጻትልና። እቲ ዝረኸበቶ ዓወት ከኣ ወጻኢት ናይ'ቲ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ንኸሉ ዘድሊ ቀረብት ኣማሊኡ ኣብ'ዚ ደረጃ ዘብጽሐዋ ወለዳ ብቐንዱ፡ ከምኡ ድማ ህዝብን መንግስቲን ምዃኑ ኣረዲኣ። "ኩሉ ግዜ ዝጸዓረ ሰብ ይዕወት እዩ፡ ኣነ'ውን ስለዝጸዓርኩ እየ ተዓዊተ ዘለኹ። ስለዚ፡ ተመሃሮ ብዘጋጥሞም ብድሆ ከይተዳህሉ ኣብ ዕላማኦም ጸኒዖም ብምራል ንቕድሚት ክምርሹ ምኽረይ እልግሰሎም" ድማ ኢላ።

ራይሞን ሓጎስ እውን ሓደ ካብ'ቶም ብዓውዲ ሲቪል ምህንድስና ብዝለዓለ ነጥቢ ዝተመረቐ ተመሃሮ እዩ። ንሱ፡ ዕለተ መመረቕታ ክልተ ስምዒታት ዝሓዘለት ናይ ደስታ መዓልቲ ምዃና ብምግላጽ፡ እቲ ሓደ - ኑቲ ብመንግስቲ፡ ብስድራ-ቤትን ብውልቅን ንሓሙሽተ ዓመታት ዝተኻየደ ጻዕሪ ፍረኡ ዝሕፈሰሉ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ሪዚን ሓላፍነት እተሰከም መዓልቲ ከምዝኾነት ኣብሪሁ። ከም መንእሰይ፡ ሓላፍነታዊ ምዃን ሓደ ካብ'ቲ ዚ ዓወት ክጎናጸፍ ዘኽኣሎ ምስጢር ምዃኑ ድማ ገሊጹልና።

ብዓውዲ ስነ-ፍልጠትን ምህንድስናን ኮምፒዩተር ዝተመረቐት መንእሰይ ሳልዋ ነስረዲን፡ ሂወት ኮለጅ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝሓለፈ ናይ ትምህርቲ ዓመታት ብዓይነቱ ዝተፈልየን ጸቕጢ ዝበዝሖን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀድመኻ ንጹር ዕላማ ኣንቢርካ ብምትዓዝ ግን ክትብድሆ ከምእትኽእል ኣጸቢቓ ኣዘራ። ተሳተፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዓውዲ ምህንድስና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ ይኸይድ'ኳ እንተሎ፡ ከም'ቲ ዝድለ ግን ስለዘይኮነ፡ ኣብ መጻኢ ክሕሰብሉ ኣዘኻኺራ። ንኣ ኣሰዒባ፡ ዓውዲ ምህንድስና ጾታ ዘይፈሊ ንኹሉ ብማዕረ ዘኣንግድ ዓይነት ትምህርቲ ስለዝኾነ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ዘለወን ዕቑር ሃብቲ መዘምዚመን ኣብ'ዚ ዓውዲ ክሳተፋ ድማ ኣተባቢዓ። ሕጂ እውን ዝለዓለ ደረጃ ትምህርታ ናይ ምቕጻል ሕልሚ ከምዘለዋ ዝጠቐሰት መንእሰይ ሳልዋ፡ ተጎናጺፋቶ ዘላ ዓወት ናይ መጀመርያ መድረኽ ስለዝኾነ፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ጻዕርታታ ክተሐይል ምዃና ኣረዲኣ።

እቲ ናይ መመረቕታ መደብ፡ ንብሉጻት ተመሃሮ ነፍሲ-ወከፍ ዓውደ ትምህርቲ ሽልማት ምስ ተዓደለ፡ ብሃገራዊ መዝሙር እዩ ተዛዚሙ።


ሳልዋ ነስረዲን


ሮዳስ ተወልደ


ራይሞን ሓጎስ


ናሆም የማነ

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ኣብ 2004 ዝተማስረተ ኮይኑ፡ ካብ 2008 ክሳብ ሕጂ ብጠቕላላ 6907 ተመሃሮ ኣመሪቑ ኣሎ። ካብዚኦቶም እቶም 3340 ብቀዳማይ ዲግሪ ዝተመረቑ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም 3567 ከኣ ብዲፕሎማ ዝተመረቑ እዮም።





# ሻባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ምዕባለ ዓለም ክረጋገጽ ኣፍሪቃ ክትደክይ ኣለዋ

ነዚ ኣርእስቲ ምስ ረኣኹም ‘ኣፍሪቃስ ኣካል ዓለም ኣይኮነትን ድያ?’ ትብሉ ትህልዎ። ዘየብልውን ኣይኮነን። እዚ ግን ከምቲ ምጉት ደርሆ ዶ ትቕድም እንቋቑሖ ገይርና ንውሰዶ። ኣፍሪቃ ዶ ዓለም ብዝብል ተመሳሳሊ ምጉት። ኣሜሪካ፡ ኤውሮጳ፡ ኤስያ ክምዕብላን ክብልጽጋን እንተ ኾይነን ኣፍሪቃ ካብዚ ዘላቶ ፍሕት ከይበለት ክትደክይ ኣለዋ። ወይ ጉድ! ንክዋመ ንኩርማ፡ ንቶማስ ሳንካራ፡ ንኻልኦት መሰል ህዝቦም ዝተቓለሱን ኣቦታት ሓድነት ኣፍሪቃን ዝኾኑን ዝቐዘፈት፡ ንመሰል ዕቤት ሃገሮምን ኣፍሪቃን ዝጸውዑ ዘጸለመት፡ ንሓርነት ህዝቢ ኣፍሪቃ ንዘቐደሙ ዝኾነት ዓለም ካበይ እያ ተበጊሳ። ሰባት ንስሰዐኦም ዝሸለሙ እንተ ኾይኖም፡ ‘ስሰዐ መተባብዒ ብልሽውና’ዩ ዝኸውን፡ ’ ዝብል ኣባህላ ኣሎ። ኣፍሪቃ ረገጽትን ብልሽዋትን ዝሰሰኑላን ዝሸለሙላን፡ ዕድሚኦም ምሉእ ንመሰል ህዝቦም ዝተቓለሱን ዋጋ ዝኸፈሉን ዝስይጥኑላን ዝቐንጸሉላን ስለምንታይ’ያ ኾይና? ድኽነት፡ ድሕረት ሕላገት ኣፍሪቃ ዝኸውንሲ ካብ ምንታይ’ዩ? ካልእ ክፋል ዓለም ክብልጽግ ኣፍሪቃ ድማ ንድሕሪት ክትጉተት ዝድርኽ ኣተሓሳስባን ተግባራትን ካበይ’ዩ ዝነቕል?

***

“ክቡራት ሓለፍቲ ኤውሮጳ፡ ንሕና ኣብ ኣፍሪቃ ብሕሰም ንሳቐ ኣለና። ኣብ ኣፍሪቃ ጸገም ኣለና። ከም ህጻናት መሰል የብልናን። ዘለና ሕማም፡ ኩናት፡ ሕጽረት መግቢ ጥራይ’ዩ። ክንምሃር ንደሊ ኢና። ንሕና እንሓተኩም ተማሂርና ኣብ ኣፍሪቃ ከማኹም ከምቲ ዘበጻሕኩሞ ክንከውን ሓግዙና ኢና ንብለኩም።”

እዚ ጽሑፍ ሰሊኾም ብኣየር ናብ ኤውሮጳ ክኣትው ህይወቶም ዝሓለፉ ደቂ ጊኒ ኣብ ኣካላቶም ተጻሒፉ ዝተረኽበ’ዩ። እዞም መንእሰያት ሓገዝዮም ሓቲቶም። እታ 70% ካብ ህዝባ መንእሰይ ዝኾነት ኣፍሪቃ’ውን ሓገዝ’ያ ሓቲታ። እንተ ኾነ ኣፍሪቃ መመሊሳ ብድሕሪት ቀዳመይቲ ክትወጽእ እምበር ንቕድሚት ክትሰግር ኣይከኣለትን። ደቃ’ውን ናይ ምዕባይ ባህጊ ኣለዎም። ሓቢርካ ናይ ምዕባይ ባህጊ። ይኹን እምበር ኣፍሪቃ ይኹኑ ደቃ ካብቲ ኣሲሩ ዝሓዘና ሕሱም ድሕረትን ድኽነትን ፍሕት ክንብል ኣይከኣልናን።

ቍጠባዊ ሓርነት ዘየራጋገጸ ሃገር ሰላምን ጸጥታን ረኺቡ፡ ተረባሒ ጸጋታቱ ክኸውን ዘይሕሰብ’ዩ። ኣቦታት ሕብረት ኣፍሪቃ’ውን ብምድግጋፍ ቍጠባዊ ሓርነት ከረጋግጹ ብሂጎም። በዚ’ዮም ድማ ኣፍሪቃ ግድን ክትሓብር ኣለዋ ዝበሉ። ይኹን እምበር ክሳዕ ሕጂ ናጻን ናይ ገዛእ ርእሳ ፖሊሲ ዘለዎ ሕብረት ክትምስርት ኣይበቕዐትን። ነዚ ከይሰምር ዝዕንቅጽ ብርክት ዝበለ ውሽጣዊ ጸገማት ክህልው እንከሎ፡ እቲ ብናይ ደገ ሓይልታት ዝፍጠር ጸቕጢ ግን ገዚፍ’ዩ። ሓደ እዋን መራሒ ፈረንሳ ዝነበረ ጃክ ሺራክ፡ ‘ፈረንሳ፡ ኣፍሪቃ እንተ ዘይትህሉ ሎሚ ኣብ ደረጃ ሳልሳይ ዓለም ምሃለወት ነይራ፡’ ክብል ተሰሚዑ ነይሩ። ፈረንሳ ቀዳመይቲ ክትከውን እንተ ኾይና ኣብ ኣፍሪቃ ኩናት፡ ሕሱም ድኽነት፡ ተጸባይነት ሰደት ክህልው ኣለዎ። ነዚ ዝቓወሙ ንዕቤት ሃገሮም ዝጽዕቱ መራሕቲ ምስ ዝቐልቐሉ ድማ ክቐንጸሉ ኣለዎም። ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝተኻየደ ቅንጸላ መራሕቲ እንተ ተመልኪትና እቲ ዝበዝሐ ኢድ ፈረንሳ ኣለዎ። ፈረንሳ ንብርክት ዝበላ ሃገራት ኣፍሪቃ ‘ክገዝኣክን ከለኹ ናይ ዝሰራሕክልክን ትሕተ ቅርጺ፡’ ብምባል ዓመታዊ ግብሪ ኣኽፊላተን። ማይ ንዓቐብ’ዩ። ናይ ዝረገጽኩኻ ክፈለኒ ዝብል ሕጊ።




ንኣፍሪቃ ግን ፈረንሳ ጥራሕ ኣይኮነትን ትምዝምዛ። ብሃብቲ ኮንጎ ዝተሃንጸት ብራሰለስ ብሕሱም ድኽነትን ሰደትን ኮንጎ ክተሸካዕልል እንክላ ክትርእይ ዘገርም’ዩ። ኤውሮጳ ብምልእታ ብሓፈሻ ድማ ዓለም ብጸጋ ኣፍሪቃ’ያ ቅድሚት ተሰሪዓ። ብጥረ ነገራት ጥራሕ ግን ኣይኮነን። ብጉልበትን ኣእምሮን ኣፍሪቃውያን። ሎሚ ግን ኣፍሪቃውያን ይኣኽለና ዝብሉ ዘለው ይመስሉ። ገና’ኳ ናብ ምሉእን ነገራውን ሓይሊ እንተ ዘይተቐየረ፡ እቲ ዝረአ ዘሎ እምበኽንነት ግን ተስፋ ዝህብ’ዩ። እምቢ ክትብል ዝወርደካ ዘሎ መከራ ብግቡእ ክትርዳእ ኣለካ። ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዞና እምብኣር፡ ሓደ ምዕራባዊ ዜጋ ኣብ ኢንተርናሽናል ኢንስቲቱሽን ኦፍ ሶሻል ስታዲስ ቀሪቡ፡ ኤውሮጳውያን ንዓና ንኣፍሪቃውያን ዝገብሩና ዘለው ብዝርዝር ኣቕሪቡ ነይሩ። ነዚ ዓምዲ ብዝጥዕም መልክዕ ተርጉመ ኣቕሪበዮ ኣለኹ፣ ሰናይ ምክትታል።

***

ብዘይ ሰንዓ ቍጠባኣ ዝዓበየ ሃገር ከቶ ኣይተርኣየትን። ንዕቤት ሓንቲ ሃገር ኢንዳስትሪ’ዩ ዝመርሖ። ስለዚ ካልኦት ሃገራት ብኢንዳስትሪ ክዓብያ፡ ኣፍሪቃ ከምዚ ዘላቶ ኾይና ክትቅጽል ኣለዋ። ሕሰብዎ፡ ኣፍሪቃ እኳ’የ ምንጪ እቲ ጥረ ነገር። ብፍጹም ኣብ ኣእምሮ ኣፍሪቃውያን ኢንዳስትሪ ዝብል ሓሳብ ክመጽእ የብሉን።

ኣፍሪቃውያን ናይ ሰንዓ ትካላት ፈጢሮም ኢንዳስትሪ እንተ ሰሰኑኸ? ግዲ የብልኩምን ከምኡ ክሓስቡ ይኽእሉ’ዮም። ግን ምዕራባውያን ዋዛ ዶ ኣለና’ዩ። ኢንዱስትሪ ንኸይገብሩ ዝዓግቶም ውጥናት ኣርቂቕናስ ነተግብሮ ኣለና። እቲ ንገብሮ ዘለና ሓደ ድሕሪ ሓደ ክዝርዝሮ፤

- መግዛእቲ ምስ ኣብቀዐ ነዘን ሃገራት ከምቲ ዝነበራኦ ዝገብር ቍጠባዊ ቅርጺ ክንፈጥር ነይርና። ፈጢርና ድማ። እቲ ቀዳማይ ድማ ረዲኤት’ዩ። ረዲኤት ዓመጽትን ጨቆንትን ስርዓት ዝቕጽልሉ’ዩ። እዚ ረዲኤት ብፍጹም ንቍጠባ ኣፍሪቃ ዘተስእ ኣይኮነን። ንኣጽዋርን ዓፈናን ዝኸውን፡ ካብዚ ሓሊፉ ድማ ነቲ ዘድልየና ጥረ ነገራት ናብ ወደብ ዘብጽሕ ትሕተ ቅርጺ ምስራሕ’ዩ። ኣኸለ።

- እቲ ኻልኣይ ዕዳ’ዩ። ብዙሕ ሰብ ሰሚዕዎ ዘይፈልጥ ሓደ ባንክ ኣሎ። እዚ ባንክ፡ ብኣይ.ኤም.ኤፍ.፡ ሲ.ኣይ.ኤ.፡ ስቴት ዲፓርትመንት ኣሜሪካ ኣብ 1950ታት ዝቜመ’ዩ። ስርሑ ድማ ንኣፍረይቲ ጥረ ነገር ዝኾና ድኻታት ሃገራት ምልቃሕ’ዩ። ብምልቃሕ ዕዳ ከም ዝስከሙ ምግባር። ሓንሳብ ኣብ ዕዳ እንተ ኣእቲናዮም ድማ ንቈጻጸሮም። እዚ ባንክ 4 ሽሕ ሰራሕተኛታት ኣለውዎ። እንተ ኾነ ብዛዕባ እዚ ባንክ ዓውዓው ከይተብሃለሉ፡ ለቓሕ ክህብ ናብ ድኻታት ሃገራት ይወፍር። ዝኾነ ነዚ ለቓሕ ምቕባል ዝኣበየ መራሒ ምቕንጻሉ’ዩ። ጾምና ዶ ድኣ ክንሓድር ኰይና ምዕራባውያን።

- እቲ ሳልሳይ ብዙሕ ዘይዝረበሉ’ዩ፣ ግን ከኣ ንኣፍሪቃ ነድክየሉ መስርሕ። በይነ-ዕብለላ ናይ ምዕዳግ። ነዚ ኹሉ ብድኻታት ሃገራት ዝፈርይ ሕርሻዊ ምህርትን መሰረታዊ ጥረ-ነገራትን ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ናይ ምዕራብ ሕብረ-ብዙሕ (ማልቲናሽናል) ዝኾና ካምፓኒታት እየን ዝዕድግኦ። እዚኣን ውዲት ብምእላም፡ ‘እቲ እተፍርዮ እቲ ንሕና እንደልዮ ክኸውን ኣለዎ። እንተ ዘይኰይኑ ናብ ካልእ ክኸይድ’የ፡ ’ ይብላ። ናብቲ እንተ ኸድካ ናብቲ እታ ኣማራጺ ሓንቲ’ያ። ኣፍሪቃ ድማ ከይፈተውት ኣብ ቍጽጽር እዘን ትካላት ትኣቱ። እቲ ዋጋን ዓቐንን ድማ ባዕለን እተን ትካላት የማሓድራኦ። መርማሪ ኮምሽን ኰነ ውድብ ንግዲ ዓለም፡ ክሓቶም ኰነ ጌጋ ኣለኹም ክብሎም ኣይተረኽበን። (ከመይ ኣቢሉ ክብሎም ኣይናቶም እንድዮ)።

ነዚ ኹሉ ዝገብረልና ትካላት ድማ ኣለዋና። ዓለማዊ ባንክ፡ ኣይ.ኤም.ኤፍ. እየን። ምናልባት ቅርጻዊ ምትዕርራይ ዝብል መደብ ናይ ኣይ.ኤም.ኤፍ. ሰሚዕኩም ትኾኑ። እዚ ወልሓንቲ ኣይኮነን፡ ሃገራት ብፍላይ ኣፍሪቃውያን ነብሰን ከይክእላ ምዕንቃፍ’ዩ። እቲ ቀንዲ ንድምስሶ ብመግቢ ነብስኻ ምኽኣል ዝብል’ዩ። ዓለማዊ ባንክ ኲለን ሃገራት ናይ መግቢ ድጎማን ደገፍን ዝገበር ትካላተን ብሓይሊ ከም ዝኣልያኦ እዩ ዝገብር። ምኽንያቱ ንነብስኻ ባዕልኻ መግቢ ከተፍርይ እንተ ዘይኪኢልካ ክቈጻጸራኻ ስለ ዘኽእለን’ዩ። ንኣብነት ባይቶ ኣሜሪካ ብ1997 ዝሕለፎ ውሳነ ተሪኢና፡ ዝኾነት ላቲን ኣሜሪካዊት ሃገር ናይ ገዛእ ርእሳ መግቢ ኽተፍርይ ክንፈቕደላ የብላን ዝበልዩ ነይሩ። ነዚ ነገር ብኹሉ መልክዕ እንተ ርኢናዮ እተን ዝበዝሐ ንሓረስቶተን ድጎማ ዝህባ ሃገራት ኣሜሪካን ኤውሮጳን’የን። ሃገራት ኣፍሪቃ ንሓረስቶት ድጎማ ከይገብራ ዝኽልክለን ግን ዓለማዊ ባንክ’ዩ።

ንሕና ምዕራባውያን ብኢንዳስትሪ ከም ዝማዕበልና ንፈልጥ ኢና። ንኣፍሪቃውያን ግን ጥረ ነገር ብብዝሒ ብምፍራይ ኢኹም ክትምዕብሉ ትኽእሉ ክንብሎም ኣለና። በቃ ንሱ’ዩ እቲ ኣማራጺ። ብልጽግናናን ራህዋናን ክቕጽል እንተ ኾይኑ ኣፍሪቃ ካብ ድኽነት ከተምልጥ የብላን። እዚ ኹሉ ምዕራባውያን ኰነ ካልኦት ዋላ ቻይና ዝገብርዎ ሃተምተም፡ ንምዕባለ ኣፍሪቃ ኣይኮነን። ንጥረ ነገራት ኣፍሪቃ ንምርካብ’ዩ። ዓለም ክትምዕብል እንተ ኾይና ኣፍሪቃ ግድን ድኻ ኰይና ክትቅጽል ኣለዋ።

***

**ወይ ጉድ!**

**ዓለም ብምልእታ ኣንጻርካ ክትዓጥቕ ዘሰንብድ’ዩ። ግን ናይ ግዳይ ስነ-ኣእምሮ ሒዝካ ፍሕት ክትብል ዝክኣል ኣይኮነን። ስለዚ ምዕራባውያን ንድኽነት ኣፍሪቃ ካብ ጐየዩ፡ ኣፍሪቃውያን ድማ ብሕብረት ንዕቤት ኣፍሪቃ ክንጐዩይ ኣለና። ኣፍሪቃውያን ዝሓብርሉ እዋን ሕጂ’ዩ። ኲሉ ጉልበት ጸጋ ፍልጠት ንኣፍሪቃ ንበል። ኣፍሪቃ ንቕድሚት ብግብርን ብሓሳብን ንጨርሕ።**

***

**ምንጪ፡ ኣብ** International institution of social studies **ካብ ዝቐረበ ሰሚናር።**

**ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)**
**እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ - ዓላ**



# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ዝፈጸምናዮ ዕርቂ፡ መግለጺ ክቡር ባህልናን እምነትናን እዩ” ስድራቤት መዋቲ

ጊጋ መናበርቲ ደቂሰብ ክሳብ ዘሽሑ ፍቕሪን ምሕረትን ክህልዋ ድማ ግድን እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ መዳርግቲ ዘይርከቦም ክብርታት ከምዝለዉ ኩልና



መዋቲ ኣቶ ኣብርሃም በየነ

እንፈልጦ ሓቂ'ዩ። ሓደ ካብዞም ንጹባቑ ሕብረተሰብና ኣጕሊሖም ዘርእዩ ክብርታት፡ ድንጉት ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝግበር ኣገባብ ምሕረትን ዕርቅን'ዩ። ቀጺልና'ምበኣር፡ ነቶም ዝ. ሪዚን ባህሊ'ዚ ዘተግብርዎ መርኣያ ክብረቶምን ርዝነቶም ስለዝሽሑ ቀጺልዎ ንምግላጽ፡ ነቶም ክብርታት ሕብረተሰብ ገሊዮም ስሱዕ ባህሪያት ዘርእዩ ብኣጋባቢ ዝቖጽሩ በእዕቲ ጋር-ትብሲ ውልቀ-ሰባት ድማ ዓይናም ክፋሳዮን ክበራብሩን ንምዝኽኻር፡ ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣገባብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘሰዓበ ሓደጋ ክሰዕበልኩም።

እቲ ሞት ዘሰዓበ ሓደጋ ኣብ እምባደርሆ እዩ ብ14 ግንቦት 2023 ኣጋጢሙ። መዋቲ ድሙ ንኣርባዕተ መዓልቲ ኣብ ሆስፒታል ምስ ተኣልየ፡ ብ18 ግንቦት ወጋሕታ ስለዝዋረፈ፡ ንጽባሒቱ 19 ግንቦት ፍርቂ መዓልቲ ኣብ እምባደርሆ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ። ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ወልደሚካኤል ተስፋሚካኤል እንግዳ ዝተባህለ ኩይኑ ተቐማጢ ከረን ዓዱ ኩትመወለዕ ንእስ ዞባ ጋሽ ባርካ እዩ። ብሓደጋ ዝሞተ ድማ ኣ/ር ኣብርሃም በየነ ባህታ ዝተባህለ ወዲ 47 ዓመት ተቐማጢ እምባደርሆ እዩ።

ኣብ እምባደርሆ እንዳ ወ/ሮ ማስቀላ ፍትዊ ዘርኡ (ንመዋቲ ሰይቲ ሓወን ኣላይቶን)፡ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ወልደሚካኤል ተስፋሚካኤል ብዘይምቁራጽ ዝተሳተፉዎ ንብር ሓዘን ምስ ተኻየደ ከኣ፡ እቲ ፍጻመ ሕጋዊ መስመሩ ኮይኑ ስለዘለዎ፡ ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ፡ ብ29 ግንቦት 2023፡ እቲ ሞት ዘሰዓበ ሓደጋ ኣብ ቅድሚ ካህናትን ዓበይቲ ዓድን ብዕርቂን ምሕረትን መደምደምታ ተገይሩሉ።

ኣበቲ ናይ ዕርቂን ምሕረትን ዕለት ተረኺቦም ብወገን ስድራቤት መዋቲን ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋን ኣብ ዝተዋህበ ቃል ንገለ ነቕርበልኩም፦


### ካብ ስድራቤት መዋቲ

“ብሞት ወድና ኣቶ ኣብርሃም በየነ ባህታ ብዙሕ ሓዚንና ተሰሚዑና። ኣብርሃም፡ ፈታርን ለዋህን እዩ ዝነበረ። እንታይ'ሞ ይገበር፡ ክልተኦም በቢቲ ዝወፈሩዎ ብሰላም ናብ ቤቶም ክምለሱ ዘይክኣሉ ዘይትሰበር መዓልቲ ኣጋጢሙዎም። ኣምላኽ ዝሃወ ሂወት ግን ኣይትምለስን'ያ። ሕጂ ከኣ ወዲና ብገንዘብ ስለዘይትመን፡ ንኣቶ ወልደሚካኤል ተስፋሚካኤል ምሉእ ምሕረት ክንገብረሉ ወሲንና ኣለና። ንስድራቤት ሓደጋ ፈጻሚቲ ምሕረት ክንገብር ምውሳንና፡ መርኣያ ክቡር ባህልናን እምነትናን ኩይኑ፡ ካብ ኩሉ ነገር ምሕረትን ፍቕርን ስለዝዓቢ'ዩ። በዚ ፈጺምናዮ ዘለና ንኣምላኽን ንሰብን ዘሐጉስ ሰናይ ተግባር ከኣ፡ ከርዓትን ሕልናዊ ቅሳነትን ይስመዓና። ሰብ ኩይኑ ዘይብድል ስለዘየለ፡ ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር ከኣ መርኣያ ልቦናን ፍቕርን ብምዃኑ፡ ነዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን በዚ ኣጋጣሚ ኣዘኻኽር። ስለዚ፡ ንወድና መንግስተ ሰማይ፡ ንዓና ድማ ሰላምን ሰቲትን ይፍጠረልና።” ኣቦይ ቀሺ ተወልደ ቀሺ ጸጋይ ካብ እምባደርሆ።

“ወድና ኣቶ ኣብርሃም በየነ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ወልደሚካኤል ተስፋሚካኤልን በቲ ዝወፈሩዎ እዩ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል ከኣ፡ እቲ ሓደጋ ሞት ኣሰዒቡ። ንሽኻትኩም ከኣ፡ ካብታ ወድና ብመኪና ዝተጋርመላን ሕቶምና ዝሽደላን ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ካብና ከይተፈለኹም ብምዝሐእ ስለ ዝደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኽሙና ሕያውነትን ገጽን ደብሰና'ዩ። ካብዚ ዝበርኩምዎ ዝዓቢ ደበሰን ምትኣየን የለን። ገዛዙብ ዝንብረልካ የብሉን፤ ሕልናዊ ሩፍታን ደበሰን ከምጽኣልካ'ውን ኣይክእልን። ካብ ገዛዙብ ግን ፍቕርን ምሕረትን ይዓቢ። ምሉእ ጽንዓት'ውን ይሃበና።” ሓወቦ መዋቲ ኣቦይ ዑቕባዝጊ ባህታ ጊላጋብር

“ዋልታናን እምነትናን ምሕረት'ዩ። ካብ ኣምላኽ ምሕረት ስለ እንደሊ ከኣ ንሓወና ኣቶ ወልደሚካኤል ምሒርናዮ ኣለና። ልክዕ'ዩ ወዲና ኣብርሃም በየነ ሕያዋይን ወዲ እዝግሄርን እዩ ነይሩ። ብሰንኪ'ቲ ዝበጽሖ ናይ ጥዕና ጸገም'ውን ሰይቲ ሓዉ እያ ብዘየቋርጽ ትኣልዮን ትናብዮን ዝነበረት። ሕጂ ከኣ ዘርኣኹሙና ምቕሉልነትን ሓልዮትን ናይ ብሓቂ ደበሱና እዩ። ስለዚ፡ ንዓኡ መንግስተ ሰማይ፡ ንዓና ድማ ምሉእ ጽንዓት ይሃበና።” ንመዋቲ ወዲ ሓወቦኡ ኣቶ ተኽለማርያም ተወልደ ባህታ።

“ህይወት ሰብ ብገንዘብ ኣይትተመን



ኣቶ ዑቕባዝጊ ባህታ



ወ/ሮ መስቀላ ፍትዊ



ኣቶ ተኽለማርያም ተወልደ

እያ። ስለዚ፡ ጋር ነፍሲ ሓውና ክንክልዕ ኑበኸና ስለዘይንብረልና፡ ምሉእ ምሕረት ሂብና ኣለና። ድሌትናን እምነትናን ድማ፡ ንህዝብናን መንግስትናን ኣርኣያ ክንኸውን እምበር ገዛዙብ ጋር ምብላዕ ኣይኮነን። ኣምላኽ ዝፈቱ'ውን ፍቕርን ምሕረትን ምግባር እዩ። ህዝብናን መንግስትናን ዝደግፎ'ውን፡ ኣብ ንሓድሕድና ፍቕርን ምሕረትን ክንገብር እዩ። ስለዚ፡ ክንምሕር ሓይሊ ንዘለና ፈጣሪ ኣመስግነ። ንኢዮብ ዝደበሰ ኣምላኽ ከኣ፡ ኑታ ክንዲ ኣደን ሓውትን ኩይና ትኣልዮ ዝነበረት ሰይቲ ሓዉ ወ/ሮ ማስቀላ ፍትዊ ዘርኡን ንኹልናን ይደብሰና። ንሽኻትኩም ከኣ፡ ካብታ ሓደጋ ዝተፈጸመትላ መዓልቲ ኣትሒዝኩም ክሳብ ሕጂ ካብ እግርና ከይተፈለኹም ዘድሊ እናፈጸምኩም ስለ ዘተሓዘኽኩምናን ንብር ዝገበርኩምን የቐንየልና።” ንመዋቲ ወዲ ሓወቦኡ ኣቶ ኣብርሃ የሴፍ ጋርዛ

“ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበኑ ንስዋዲኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ኣምላኽ'ውን ‘መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም’ እናበለ ንዝበደሉና ምሕረት ክንገብርን ምስኦም ክንዕረቕን ስለዝእዝዘና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብምፍጻምና ሕጉሳት ኢና። እዚ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት ከኣ ንእንዳባ ይኹን ንእንዳዴ፡ ንሰማዒኡ ይኹን ንረኣዩኡ ክሰዓብ ዘለዎ ጽቡቕ ኣብነት ስለዝኾነ ቅዱስ ምርጫ'ዩ። ንስድራቤት መዋቲን ንስድራቤት ሓደጋ ፈጻሚን ከኣ ጽንዓት ይሃብ።” ኣመሓዳሪ እምባደርሆ ኣቶ ተኽሊት ቀሺ በርህ

“ስድራቤት ወዲኣም'የም። ምሕረት መወዳደርቲ ስለዘይብላ ኣቦ'ቲ ንሶም ዝበልዎ ዝወሰኾ ወይ ዘጉደሎ የብለይን። ልክዕ'ዩ፡ ኣብርሃም ሓሙተይ እዩ፤ ጥዕና ስለዘይነበሮ ከኣ ኣነ እየ ዝኣልዮ ዝነበርኩ። ሕጂ ከኣ እዚ ፈታርን ለዋህን ሓወይ ከምዚ ኣሉ ክፍለዩኒ ከሎ፡ ንዓይ መሪር ሓዘን'ዩ ዝሰምዓኒ። እንተኾኑ ንብድሕሪ ሕጂ ፍቕርን ሓገዝን ስለዘይደሊና፡ ኩልና ስድራቤት ኩይንና ምሕረት ኣዚዝና ኣለና።” ወ/ሮ ማስቀላ ፍትዊ ዘርኡ

“ብምሕረት ዝፍጸም ዕርቂ፡ ጽቡቕ መርኣያን ኣብነትን ናይ'ቲ ክቡር ባህልን እምነትን ሕብረተሰብና እዩ። ዕላማ ናይ'ዚ ዘየደና ዕርቂ ድማ ንኽሉ ብፍቕሪ ክሰገር ስለዘይደለናዮ እዩ። ምኽንያቱ፡ ፍቕሪ ካብ ኩሉ ህያብ ስለእትዓቢ። ዕርቂ እንተሎ፡ ስድራቤታዊ ርክብን ሕውነትን ከምኡ ድማ ብደረጃ ሃገር ክይተረፈ ጥምረት እዩ ዝህሉ። ስለዚ፡ ሓደጋ ምፍጻም ምስ ደቂሰብ ኣብ ክሳብ ዘሽሑ መፍትሒኡ ሕድገት ምግባር ኣዩ። እቲ ካብ ወለዶታት እናተወራረሰ ዝመጸእ ክቡር ባህልና'ውን ቅድሚ ኩሉ ሕድገት ከግበር እዩ ዝምህረና እሞ፡ ንሕና ከኣ ነዚ ኩሉ ተረዲእና ኢና። ህዝብና መታን ክፈልጦን እቲ ክቡር ባህልናን እምነትናን መታን ክዕቀብን ብምባል፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሓውና ዝተፈጸመ ሓደጋ ብዕርቂን ምሕረትን ክንዛዘሞ ወሲንና ዘለና። እዚ ዘለናዮ ውሳኔና፡ ኣብ ጋዜጣ ወጺኡ ህዝቢ ክፈልጦን ካልኦት ክመሃሩሉን ድማ ተስፋና እዩ” ዝበለ ድማ፡ ንመዋቲ ወዲ ሓወቦኡ ኣቶ መሓሪ ዑቕባዚ ባህታ እዩ።

### ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ

“ኣቀባብላኹም ልዕሊ ትጽበ'ትና ኩይኑ፡ ንሰብ መለለዪኡን ግርማኡን ድማ እዚ እንርእዮ ዘለና ብዓይኒ ፍቕርን ምሕረትን ጠሚትኩም ዝገበርኩምልና ምሉእ ዘይገጉዳል ኣቀባብላ'ዩ። ናይ ብሓቂ፡ ኣሰራርሓኹም ኣሰራርሓ ኣቦና እዮብ ኩይኑ። እዚ ኣዚዝኩምልና ዘለኹም ናይ ምሕረት ቃል ድማ ካብ ዘሽሓ ሰብ ዝርከብ ስለዘይኮነ፡ መግለጺ ክብረትኩም'ዩ። ከም'ኡ'ውን ወሰስድኩምዎ ዘለኹም ንታሪኽናን ባህልናን ዘደንፍዕን ንዛር ምሉእ ኣብነታዊ ስጉምቲን ስለዝኾነ፡ ፈጣሪ ይደብስኩምን ኣደኩም ይፍደኹምን። ንዝሞተ ወድና ኣቶ ኣብርሃም በየነ መንግስተ ሰማይ፡ ንኹልና ድማ ምሉእ ጽንዓት ይሃበና።” ዝበሉ ድማ ኣቦይ ቀሺ ዘሚካኤል ወልደጋብርን ኣቦይ ቀሺ ፍትዊ የማነ ዘርኣጋብርን እዮም።

“ክቡራት ቤተ-ክህነትን ቤተሰብ ኣቶ ኣብርሃም በየነ፡ ነቲ ዘሕዝን ኣጋጣሚ ከምዚ ኢልኩም ብምሕረትን ዕርቅን ምድምዳምኩም፡ መርኣያ ክብረትኩምን ኣብ ኣምላኽ ዘለኩም ፍርሃትን ዝገልጽ ስለዝኾነ ዝስመዓና ዘሎ ውሽጣዊ ሓጎስ መግለጺ የብሉን። ከምዚ ኣብ ዝጸንሓ ገለ ነገር ተጻዊኑካ ጺኒሐስ ቅንጥጥ ዝበለልካ፡ ከምኡ ኩይኑ'ዩ ተሰሚዑና ዘሎ'ሞ፡ ብሰማይን ምድርን ኣምላኽ ምሕረት ይሃብኩም።” ዝበሉ ድማ ኣባል ኮሚቴ ዕርቂ ኣቶ ኣፈወርቂ ኪዳነ ብርሃ እዮም።

“ኣምላኽ ኣብዞም ጥዑማት ገዛ ስለዘውደቐኒ፡ ኣገዶ'የ ዘማስግነኒ። ናይ ብሓቂ ሕያዎትን ጥዑማትን ገዛ፡ ካብታ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ብበሩህ ገጽ'ዮም ተቐቢሎምና። ብሩኻትን ደቂ ቤተክርስያንን ስለዝኾኑ፡ ‘እዚ ናይ ኣምላኽ ጉዳይ'ዩ’ እናበሉ፡ ተመሊሶም ንዓይ ከጸናንዑ ዝገበርዎ ምቕሉልነትን ምጽንናዕን ንኽብረቶምን ጭውነቶምን እዩ ኣርእዩና። ሕጂ ከኣ ምሕረት ዘፀሐጉሶ ሰብ ስለዘየለ፡ ስለቲ ዝገበሩለይ ምሕረት ሓጎሰይ መግለጺ የብሉን። ተጻዊኑኒ ዝነበረ ጭንቀትን ሓሳባትን ንእለቱ'ዩ ካባይ ተቖንጢጡ ተኣልዩለይ። ኢደይ ካብ ፈጣሪ ደርገበ።” ዝበለ'ውን ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ወልደሚካኤል ተስፋሚካኤል እዩ።

“ሓደጋ ወዘቢ'ኳ እንተኾኑ በቲ



ኣቶ መሓሪ ዑቕባዝጊ

ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፡ ግን ዘይምለስ ኩይኑና። ኣምላኽ ግን ኣቦኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቶድምን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዝተመላለስናሉ፡ ኑቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጽቡቕ መልሓስን ጽቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ከምቲ ‘ክቡር ማጠን ኑበሱ የኽብረካ’ ዝተባህለ፡ ‘ካብኹም እንደልዮ ነገር የለን፤ እቲ ንደልዮ ፍቕርን ሰላምን'ዩ’ ኢልኩም፡ ኑቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾኑ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትንበሩ ክንብረኩም'ዩ። ወሲድኩምዎ ዘለኹም ስጉምቲ፡ ንሃገርናን ንህዝብናን ጽቡቕ ኣብነት ብምዃኑ ድማ ከሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ሪዚን ኤርትራዊ ባህሊ'ዩ። ንመዋቲ ኣቶ ኣብርሃም በየኑ መንግስተ ሰማይ፡ ንኹልና ድማ ጽንዓት ይሃበና - የቐንየልና ክብረት ይሃበልና።” ክብል ዝተዛረበ ድማ ኣባል ኮሚቴ ዕርቂ ኣቶ ገብረኣብ ተኽሰተ መሓሪ እዩ።



ኣቶ ኣፈወርቂ ኪዳነ



ቀሺ ፍትዊ የማነ



ቀሺ ዘሚካኤል ወልደጋብር

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሚካል ሃብተማርያም ድረር፡ ስም በዓል ቤተይ የውሃንስ ገብረሂወት ኪዳ ምባል ተረፉ፡ ሂላል ሓምድ ሳልሕ ድረር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ኢልሳ ዑቕቢት ሓድጉ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሳሙኤል ዑቕቢት ሓድጉ ንውዕል ምስራዝ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን16/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ቁ.37 ቅረብ፡፡

ሓምዛ ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ሓምዛ ኣሕመድ መሓመድብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣሮሚና ሓሰን የሰፍ ምባል ተረፉ፡ ኢቫና ሰሎሙን የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣብ መንን ከሰስቲ ወረሰኛ እምሃጽየን ተሰፋይ ገብረክርስቶስ ወ/ሮ ንግስቲ ዘርኣይ 2.ኣቶ ኣለም እምሃጼን 3.ኣቶ ሙሴ እምሃጼን 4.ወ/ት ሂወት እምሃጼን ተኸሰስቲ ወ/ሮ ኣፎምያ ካሕሳይ ሃብተጼን ኣብ 10/5/2021 ማሾጣ ውዕል ዝተፈጸመ ስርሓት ጀርመን ኦፔል ካዴት ዝዓይነታ ናይ ገዛ ማኪና ቁሰሌዳ ER-1-1-02736 ቁቻሲ. 311092684 ማኪና ሸይጣትልና ናብ ስምና ከየመሓላለፈትልና ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ ትጸወዓልና ስለዝበሉ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ሓበን ተስፋማርያም ገብረመድህን፡ ኣሞይ እዝየዝርያ ገብረመድህን ዑቕባዝጊ ስለዝዋረፈት፡ ሓዋ ተስፋማርያም ገብረመድህን ከኣ ስወእ ስለዝኾነ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ኣቶ ማጆር ኣማሓዳሪ ኪዳ ተስፋማርያም፡ ወለድና ኪዳ ተስፋማርያም ተስፋጽዮንን ወ/ሮ ሉተገርግስ ገ/ጻድቓን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሓውሻ

ኣቶ መሓሪ ገብረ፡ ኣቦይ ገብረ ወልደኪዳ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ሉተሚካኤል ክፍለ ኣስፍሃ፡ በዓል-ቤተይ ኣብርሃም ተኽለ ግርማጽየን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተስፋማርያም ሃይለ ሃብቱ፡ ኣቦይ ሃይለ ሃብቱ ገብረ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ራሄል የሰፍ ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚካኤል ሓደሽ ገብረሚካኤል፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍረሂወት ሳህሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ንጉሱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

1.ኣቶ ገብረኪዳን ቀሺ ተስፉ ገ/ማርያም 2.ኣቶ ሃይለ ገ/ማርያም ወ/ገብርኤል 3.ኣቶ ተወልደ ተኽለብርሃን ገ/ማርያም 4.ኣቶ ሳሙኤል ሃይለ ገ/ማርያም 5. ነፍ/ሄር ቀሺ ተስፉ ገ/ማርያም ወ/ገብርኤል፡ ማርያ ገ/ማርያም ወ/ገብርኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ምም/ከ/ማይ ወርቂ ዝርከብ ገዛኣ ብሂወት ከላ ብ16/7/2015 ዝሃደፈትልና ሰነድ ይጽደቐልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ኣብርሃም፡ በዓል-ቤተይ ኣረፋይነ ሃይለ ተስፉ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ፍሩቱና ከሮስ ኣባይ ምባል ተረፉ፡ ሚካል ከሮስ ኣባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ምልእተ መንግስትኣብ ክፍሎም፡ ኣቦና መም. መንግስትኣብ ክፍሎም ገብረመድህንን ኣዴና ኣብርሀት ተስፋጋብር ባህረን ስለዝዋረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ንዖማ ሕሸን ኣሕመድ፡ ተኸሳሲ መሓመድ ማዛይን፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ወ/ሮ ሰላም ቃልኣብ ገብረማርያም፡ ስም ወደይ ሲም ሳሚኤል ብርሃ ምባል ተረፉ፡ ሲም ተከኤ ተስፋኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ወ/ሮ ሰላም ዓንደም ተኽሊ፡ ስም ጓለይ ሪዘበን ፍጹም ገብረሃዋርያት ምባል ተረፉ፡ በናሂር ፍጹም ገብረሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድነስራድ ዓሉ ጀምዕ ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ ዓሉ ጀምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ባጽዕ

ሳሚኤል ተወልደብርሃን ኣስመላሽ ምባል ተረፉ፡ ሳሙኤል ተወልደብርሃን ኣስመላሽ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ምጽዋዕ

ከሳሲ ኣቶ የኣብስራ ኣደነ መተሃን፡ ተኸሳሲት ቤተልሄም ክፍለ ብርሃ፡ በዓል-ቤትኪ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

ሳሚኤል ተወልደብርሃን ኣስመላሽ ምባል ተረፉ፡ ሳሙኤል ተወልደብርሃን ኣስመላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ሮዳስ ተስፋሂወት ተስፋጽዮን ምባል ተረፉ፡ ሮዳስ ተስፋሂወት ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋብሪካ በራ ኣስመራ ንወሃንቲ ብርኪ ናይ 2022 ዓ.ም ብጽሒት (Dividend) ክኸፍል ስለዝኾነ፡ ኩሉኹም ሰብ ብርኪ ዘለኩም ሰነድ ብምሓዝ ካብ ዕለት 14/7/2023 ጀሚሩ ኣብ ፋብሪካ በራ ብኣካል ብምምጻእ ወይ ብወከልትኹም ብጽሒትኩም ክትወስዱ ከምእትኽእሉ የፍልጥ፡፡
ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 181200 ወይ ብቑጽሪ ፋክስ 188503 ተወከሱና፡፡

ፋብሪካ በራ ኣስመራ

## ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ዝፋን ፍስሓጽዮን ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ሬሳ ካብ ጀርመን ንምስዳድ ዝተሓባበርኩምና ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ጀርመን፡ መሓዙትን ቤተሰብን ከምኡውን ኩሱብ ገሸናሸም ኬድኩም ዘቃበርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ፡፡

በዓል-ቤታ ባይሩ ኣልመደም ምስ ደቁን ምሉእ ስድራ ቤትን

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/ር 09 ጎደና ብሉታ ደምሳስ፡ ቁጽሪ ገዛ 114 ፡ ቁጽሪ ሎታ 49፡ ቁ/ፓርሰል P ዝርከብ ኣብ ኮምሸን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 117270 መወከሲ ቁጽሪ 128570 ብስም ዝፋን ተስፋጋብር ኣፈወርቂ ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸቦ እንተሎ ወይ ብዕዳ ሐዘዮ ዝበል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07173480 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ዝፋን ተስፋጋብር ኣፈወርቂ

ኣነ ወ/ሮ ኑብያት መሓረና ተስፋጋብር ምስ በዓል-ቤተይ ነፍ/ሄር በረኸት ከፈላ ሃብተማርያም ብሓባር ኮይንና ካብ ናይ ሕጊ ስብኣይን ሰበይትን 1.ኣቶ ኪዳ ጌታሁን ሰሎሙን 2.ወ/ሮ ፍረወይኒ ሃብተሚካኤል ተስፋየውሃንስ ብዕለት 23/12/2020 ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ከባቢ ዝጠን ሰንቀይ ዚፕ 1A198 ጎደና 198-7 ፕሎት 3 ፓርሰል G ዝፍለጥ፡ ብቑጽሪ ንብረት IBRASM014313/1 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ክፋሉ ኣብ 175 ት/ሜር ዝተደኮነ ገዛ ስለዝዓደግናዮ'ሞ ናብ ስምና ክሰመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ንቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ንቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ወ/ሮ ኑብያት መሓረና ተስፋጋብር

## ንኻልኣይ ጊዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝምን ዝጥቀመሎም ዘሎ ፕሪንተራት፡ ኮምፑተራት፡ ፎቶ-ኮፒየራት፡ ፋክሳት ንምጽጋንን ምንጋፍን ምጽራይን (Services & Maintenance) ንሓደ ዓመት ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት ተጫረትቲ ይዕድም፡-
ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት፡-

1. ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን የቕርቡ፡
2. ናይ ዓመተ 2021/2022 ካብ ዕዳ ናጻ ወረቐት ምስክር ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር የቕርቡ፡
3. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብC.P.O የትሕዙ፡
4. ፎርም ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ካብ ማ/ቤ/ጽ/ሚኒ/ቱሪዝም ክወስዱ ይኽእሉ፡
5. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ 10 መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት፡፡
6. ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉኡ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ - ቱሪዝም

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ወዲ ሙሌ ድርብ ዓወት ሓፈሱ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኢጣልያዊት ክሉብ ግሪን ፕሮጀክት ባርዲያኒ ሄናክ ምሉእብርሃኑ ብሸንበት ኣብ ቻይና ኣብ ዝተዛዘመ ዙር ኩንጋይ ሌክ ናይ ግዜን ናይ ነጥብን ብሉጽ ተቐዳዳማይ ብምኻን ኣገዳሲ ዓወት ኣመዝጊቡ።

ወዲ 23 ዓመት ተቐዳዳማይ ሄናክ ምሉእብርሃኑ ኣብዚ ሎሚ ዓመት ንመበል 22 ግዜኡ ዝተኻየደ ውድድር ንጸወታኡ ብ31 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 57 ካልኢትን ብምዝዛም ብጫ ናይ ግዜ ማልያ ክዕትር ከሎ፡ ኣብ ሸሞንተ መድረኻት ብዘመዝገቦ 75 ነጥቢ ከኣ ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያ ክወስድ በቒዑ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ንምውሳድ ኣብ ዝተኻየደ ዝበረኸ ቅልስ'ውን ሄናክ ሳልሳይ ደረጃ ክሕዝ ክኢሉ'ዩ።




ኢጣልያዊት ክሉብ ግሪን ፕሮጀክት፡ ሄናክ ብዝኣከቦ ግዜ ተሓጊዛ ካብ 20 ዝተፈላለያ ጋንታታት ጸብለል ብምባል ወርቂ መዳልያ ከም ዝወሰደት ድማ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሄናክ ኣብዚ ብሸንበት ዝተኻየደ ሻሙናይ መድረኽ፡ ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያ ወድዩ ክኣቱ ከሎ፡ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ከኣ ካብ ተወላዲ ኤራጓይ ዝኾነ ኤሪክ ኣንቶኞ ብ3 ካልኢት ድሒሩ'ዩ ጸወታኡ ኣኺዲዱ። ኣብ መወዳእታ ክልተ ናይ ክብሪ ማልያ ክወስድ ብምኽኣሉ ከኣ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናእዳ ረኺቡ ኣሎ።

ኣብዚ ዓመት ዘውዲ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ኣፍሪቃ ከምኡ'ውን ዕዉት ናይ ግዜ ውድድር ዙር ርዋንዳ ዝኾነ ሄናክ ምሉእብርሃኑ ኣብዚ ውድድር 200 ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ ክጥሕል ከሎ፡ ብሓፈሻ ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ብዘመዝገቦ ወጽኢት ከኣ 861.75 ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ ንሃገሩ ኣግዚሙ።

ድሕሪ ናይ ጂሮ ዲ ኢታሊያ ውድድር ናብ ሃገሩ ብምምጻእ ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ኑሓስ መዳልያ ዝወሰደ ሄናክ፡ ኣብዚ ዓመት ብዘርኣዮ ዘሎ ድንቂ ብቕዓት ካብ ዝተፈላለያ ናይ ዎርልድ ቱር ጋንታታት ጻውዒት ይቐርበሉ ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ። ምስ'ዛ ኢጣልያዊት ጋንታኡ ዘለዎ ውዕል ኣብዚ ዓመት ስለ ዝበቅዕ ከኣ ካብ ዝመጽእ ዓመተ ስፖርት ጀሚሩ ምስ ዓበይቲ ክለባት ዓለም ክጽንበር ምኽኣሉ ይሕበር።

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስፖርት፡ ነዚ ተቐዳዳማይ ብቴሌፎን ረኺባ ኣዘራሪባቶ ኣላ፡ ምሉእ ትሕዝቶኡ ደስዕብ፡

**ሕቶ፡ ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ ብዘመዝገብካዮ ወጽኢት ዕጉብ ዲኻ?**

ሄናክ፡ ብዘመዝገብክዎ ደረጃ ዕጉብ ኣይኮንኩን። ምኽንያቱ ልዕሊ 90% ክዕወተሉ ዝበልኩዎ ውድድር'ዩ ሓሊፉኒ። ኣብዚ ክየጠቓልለኩም ክሓልፍ ዘይደሊ ግን፡ ገለ ተቐዳደምቲ ከም ዘይሓገዙኒ'ሞ ክዛረቡ ሰሚዐዮም። እዚ ሓቂ ኣይኮነን። ኣነ እቲ ዝኣሰሰ ከም ዝገበርኩ'የ ዝኣምን።

**ሕቶ፡ ድሕሪ ሻምፕዮን ኤርትራ እንታይ ምድላዋት ገይርካ?**

ሄናክ፡ ድሕሪ ሻምፕዮን ኤርትራ ፍሉይ ምድላዋት ገይረ ኢለ ክዛረብ ኣይደፍርን። እዚ ናይ ቻይና ውድድር ድሕሪ ሓደት ሰሙናት ደስዕብ ብምንባሩ ብዝበረኸ ብቕዓት'የ ተቐዳዲመ። ብሓፈሻ ግን ኣብዚ ዓመት ምስ ምሉእ ምድላዋትን ዘተኣማምን ብቕዓትን'የ ዝጎዓዝ ዘለኹ። ምናልባት ዝሓለፈ ዓመት ናይ ሕቖ ማህረምቲ ኣጋጢሙኒ ብምንባሩ ከምቲ ዝደለ ኣይተወዳደርኩን። 2023 ግን ኩሉ ኩነታት ጥዑናይ ናብ ንቡር መጺኡ ኣብ ጽቡቕ ቆመና ኮይነ ድማ ይወዳደር ኣለኹ።

**ሕቶ፡ ነዚ ናይ ቻይና ውድድር እንታይ ዓይነት ምድላዋት ገይርካሉ?**

ሄናክ፡ ዋላ'ኳ ብፍሉይ ነዚ ውድድር ኢለ ዝገበርክዎ ልምምድ እንተዘይነበረ፡ ካብ ወርሒ ሰነ ኣትሒዘ ግን ኣብዚ ውድድር ከም ዝሳተፍ ተሓቢሩኒ ነይሩ'ዩ። ጋንታና ከም መራሒ ኮይነ ንኽሳተፍ ብዝሓበረትኒ ከኣ ናብ ኣስመራ መጺአ ኣብ ከበድ ልምምድ'የ ተጸሚደ። እቲ ዝሓበሮ ዝበርኩ ልምምድ ንሻምፕዮን ኤርትራን ጂሮ ዲ ኢታሊያን እውን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ ነይሩ። ቅድሚ'ዚ ናይ ቻይና ውድድር ዝበረ ጸወታታት ከኣ ከም ሓያል ልምምድ ኮይኖኒ'ዩ ክብል እደፍር።

**ሕቶ፡ ኣብዚ ውድድር እንታይ'ዩ ነይሩ ዕላማኻ? ብጫ ማልያ ወይስ ቀጠልያ ማልያ?**

ሄናክ፡ ካብ መፈለምታ ዕላማና ብጫ ማልያ ምውሳድን ናይ መድረኽ ዓወት ምምዝጋብን'ዩ ነይሩ። ኣብተን ቀዳሞት መድረኻት ብዝረኸብዎ ዝበርኩ ነጥብታት ግን ቀጠልያ ማልያ ክሕዝ ክኢለ፡ ብጫ ማልያ ክወስድ ኣለ ተወሳኺ ግዜ ንምኽሳብ ኣብ ዝጐበሮ ዝበርኩ ቅጽበታዊ ውድድራት ነጥቢ ክእከብ ክኢለ'የ። ከይመደብክዎ ድማ ቀጠልያ ማልያ መጺኡ፡ ክሳብ መወዳእታ ግን ዕላማይ ኒታ ንብሉጽ ናይ ግዜ ተቐዳዳማይ ትወሃብ ብጫ ማልያ ምውሳድ'ዩ ነይሩ።

**ሕቶ፡ ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያ ዝወሰድካላ መድረኽ ፍልይቲ ምንባራ'ዩ ዝገለጽ። ፍሉይነታ እንታይ'ዩ ነይሩ?**

ሄናክ፡ ብዙሕ ፍሉይነት ነይሩዋ ኣለ ክዛረብ ኣይክእልን። ብንጹር'ኳ ደኣ ወዲ ጋንታይ'ውን ምሳይ ጽቡቕ ነጥቢ ስለ ዝበሮ ንዕኡ ክሕግዞ'የ መምርሒ ተዋሂቡኒ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ኩሉ ሓሳበይ ምስ ብጫ ማልያ ጥራይ'ዩ ነይሩ። ብጫ ማልያ ክሕዝ ኣብ ዝሓስበሉ ከኣ ምስ ብሉጽ ናይ መድረኽ ወጽኢት ኒታ ቀጠልያ ማልያ ወሲደ። ካብ ምውናና ግን ምዕቃብ'ዩ ዝኸበደ ነይሩ። በዚ ከኣ ካብታ ኒታ ማልያ ዝወሰድኩላ መድረኽ እተን ድሕሪኣ ዝሰዓባ መድረኻት'የን ዝያዳ ፍሉያት ነይረን።

**ሕቶ፡ እሞ ንምዕቃብ ዝበርኻዮ ፍሉይ ጻዕሪ ነይሩ'ዶ?**

ሄናክ፡ ብርግጽ ዝወሰድኩዎ ማልያ ኣሕሊፍካ ክትህብ ቀሊል ሰሚዒት ኣይፈጥርን'ዩ። ብፍላይ ማልያ ክትምንጠል ከለኻ ዝፈጥረልካ ኣእምሮኣዊ ዘይርግኣት ቀሊል ኣይኮነን። ብንጹሩ ነቲ ዝምንጥለካ ተቐዳዳማይ ዝሀቦ ሓይሊ ከኣ ዓቢ'ዩ። ስለዚ ዚ ክልተ ነገራት ኣብ ግምት የእቲኻ ብዘለካ ክትጸዕር ጥራይ ኢኻ ትግደድ። ኣነ ከኣ ነዛ ማልያ ዓቂበ ብጫ ማልያ ክወስኽላ ብምሉእ ዓቕመይ'የ ሰሪሐ።

**ሕቶ፡ ናይ መወዳእታ መድረኽ ከመይ ነይራ?**

ሄናክ፡ እታ ናይ መወዳእታ መድረኽ በታ ቅድሚኣ ዝበረት መድረኽ'ያ ተጸልዩ።




ምኽንያቱ ኻውዐይቲ መድረኽ እታ ዝኸበደት መድረኽ (Queen stage) እያ ነይራ። ኣብዛ መድረኽ ምስ ተዓወትኩ ናይ ሰለስተ ካልኢት ጥራይ ፍልልይ ኮይኑ። ኣብታ ናይ መወዳእታ መድረኽ ኣብ ዝበረ ናይ ነጥቢ መቐሸሽ ክጥቀሙሉ ከም ዘለዉ'ዩ ተሓቢሩና። ዕድል ኣይገበርኩን 100 ኪሎሜተር ንዘዘዝደዎ ክእኩብ ጸዓት ኣጥፊአ'የ። ሓንቲ ካልኢት ግን ክረክብ ክኢለ'የ። ኣብ መወዳእታ 10 ተቐዳደምቲ ሃዲሞም ብምንባርም ነቲ ዝወሃብ መቐሸሽ ክረኽቦ ከም ዘይክእል ፈሊጡ። ኣሰልጣኒየይ ድማ ካብ ርሑቕ ቅጽበታዊ ውድድር ጀሚረ ክልተ ካልኢት ክኸስብ ከም ዘሎኒ ሓቢሩኒ። ኣብ መወዳእታ 600 ሜትሮ ድማ ባዕለይ ቅጽበታዊ ውድድር ጀሚረ እተን ዝደልየን ዝበርኩ ክልተ ካልኢት ረኺበየን። ናይቲ ተወላዲ ኤራጓይ ጋንታ ክኣምኑ ኣይክኣሉን። ምግት ኣቕሪቦም። ብፎቶ ፈኒሽ ምስ ተረጋገጸሎም ግን ስዕረቶም ተቐቢሎም።

**ሕቶ፡ ድሕሪ ዓወትካ እንታይ ግብረ መልሲ ረኺብካ?**

ሄናክ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ውድድር ክስዕፍ ናይ ፈለማ'ዩ ነይሩ። ቀሊል ውድድር ኣይነበረን። 2.ፕሮ መለክዒ'ዩ ዘለዎ። ናይ መድረኽ ዓወት፡ ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያን ብጫ ናይ ግዜ ማልያን ክወስድ ምኽኣለይ ድማ ዓቢ ነገር ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። ከም ወጽኢቱ ከኣ ካብ ብዙሓት ተቐዳደምቲ ይኹን ካብ ዝተፈላለያ ክለባት ናእዳን ናይ እንቋዕ ሓጎሰካን መልእኽቲ ተቐቢለ'የ።

**ሕቶ፡ ኣብዚ ውድድር ጋንታኹም ብኸሉ'ያ ተዓዊታ። ምውህሃድኩም ከመይ'ዩ ነይሩ።**

ሄናክ፡ ብልክዕ ጋንታና ሰጥምቲ'ያ ነይራ እንተበልኩ ኣየጋንንኩን። ልዕል ኣለ ከም ዝገለጽክዎ ዚ ውድድር ኣቐዲምና ኢና ተዳሊናሉ። ዋላ'ኳ ኣብ መንጎ ክልተ ተቐዳደምቲ ብሕማም ምኽንያት ካብቲ ጸወታ እንተተኣልዩ ብዘለና ዓቕሚ ክንቃለስ ኢና ተገዲድና። ብኣሰልጣኒና ንዝወሃበና ዝበረ መምርሒታት ብልክዕ ኣብ ባይታ ክንገብሮ ብምኽኣልና ከኣ ንዓወት በቒዕና። እዚ ዓወት ናይ በይነይ ዓወት ኣይኮነን። ሳላ ጻዕሪ ደቂ ጋንታ'ዩ ተረኺቡ'ሞ ከየመስገንክዎም ክሓልፍ ኣይደልን።

**ሕቶ፡ ምስ'ዛ ጋንታ ናይ ምቕጻል መደብ ኣለካ'ዶ?**

ሄናክ፡ ምስ'ዛ ኢጣልያዊት ክሉብ ዘሎኒ ውዕል ኣብዚ ዓመት'ዩ ክበቅዕ፡ ምስ ህሉው




ብቕዓተይን ዝምዝገብ ዘሎ ወጽኢታትን ካብ ዝተፈላለያ ዓበይቲ ክለባት ጻውዒት ይቐርበለይ ኣሎ። ከም ኣስታናን ኩክ ስቴፕን ዝኣመሰሉ ናይ ዎርልድ ቱር ጋንታታት ደሮ'ውን ዝርርብ ጀሚረናለይ ኣለዋ። ፈለማ ግን ናይዚ ዓመት ውድድራተይ ክውድእ'የ ዝደሊ። ብፍቓድ ኣምላኽ ካብ ንዓመታ ፍሉይ ነገር ክመጽእ እዩ።

**ሕቶ፡ ዓመተ 2023 ኣብ ናይ ቅድድም ብሽክሊታ ጉዕዞኻ ከመይ ትርእዮ።**

ሄናክ፡ ንዓይ ኣዝዩ ፍልይቲ ዓመት ምኻና'ያ ዝኣምን። ኣብ 2021 ከምኡ'ውን ኣብ 2022 ብዙሕ ሕልኽላኻት'የ ኣሕሊፈ። መጀመርያ ሃንደበት ጋንታ ፈራሰትኒ። ጸኒሑ ከኣ ናይ ሕቖ ማህረምቲ ኣጋጢሙኒ። ንድሕሪት'የ ተመሊሰ ነይረ። በዚ መገዲ ከኣ ብቕዓትካ ብኣሉታ ክጽሎ ግድን'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ ዝበርክዎ ደው ኣይበልኩን። ብሓደሽ መንፈስ ጻዕረታተይ ከሐይል'የ ወሲነ። ፍሉይ ምድላዋት ድሕሪ ምግባረይ ከኣ 2023 ክሐሳትኒ። ኣብዚ ዓመት ቅድሚ ሕጂ ርእየዮ ዘይፈልጥ ዓወት'የ ኣመዝጊበ። ንኣብነት ኣብ ዓለምለኻዊ ደረጃ ተቐዳደምቲ ናብ መበል 39 ወሪደ ኣለኹ። ዓቢ ዝላ'ዩ። ስለዚ እዛ ዓመት ኣብ ናይ ቅድድም ብሽክሊታ ሂወተይ ትርጉም ዓመት ኣይትኮንን።

**ሕቶ፡ ዝቕጽል ምድላዋትካ እንታይ'ዩ ክኸውን።**

ሄናክ፡ ዚ ዓወት ሒዘ ናብ ሃገረይ'የ ዝምለስ ዘለኹ። ዚ ቃለ መሕትት'ውን ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኮይነ'የ ዝሃብኩ ዘለኹ። ዝቕጽል ናይ ቀረባ ውድድረይ እቲ ኣብ ስኮትላንድ ዝካየድ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ዓለም'ዩ። ምስ ብጾተይ ኮይነ ሽም ሃገረይ ንምጽዋዕ ረዚሕ ከፍሰስ ድሉው ኣለኹ። ድሕሪ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ዓለም ከኣ ኣብ ኢጣልያ ዝተፈላለዩ ናይ ክላሲክ ውድድር ተሰሪዕምለይ ኣለዉ። ተስፋ ይገብር ጀሚረ ዘለኹ ናይ ዓወት መንፈስ ክሳብ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ክቕጽል።

**ሕቶ፡ ኣብ መወዳእታ ከተሕልፎ ትደሊ መልእኽቲ እንታይ'ዩ?**

ሄናክ፡ ፈለማ እዚ ኣብ ቻይና ዘመዝገብኩዎ ዓወት ኣብ ሂወተይ እቲ ዘየርሰዕ ዓወት ምኻኑ ክገልጽ እፈቱ። ኣብ ወሸጥን ኣብ ወጻእን ዘለዉ ኤርትራውያን ንዝገበሩለይ ደገፍ መዳርግቲ የብሉን። ኩሉ ደገፎም ንዓይ ተወሳኺ ሓይሊ'ዩ ነይሩ። ውዕለቶም ብቓል ክገልጾ ኣይክእልን። ብተወሳኺ ከኣ ነቶም ክሳብ ሕጂ ከይተሓለሉ ዘተባብዑኒ ዘለዉ ስድራቤተይ እንቋዕ ሓጎሰኩም እብሎም።

**እንቋዕ ሓጎሰካ የቐንየልና!!**



# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሕ/ሃገራት፡ ንቀይሕ ባሕሪ ካብ ብከላ ነዳዲ ንምድሓን መርከብ ልኢኹ

ኣብ ማያት የመን ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ብከላ ነዳዲ ንምውጋድ፡ ብሕቡራት ሃገራት ዝተላእከት ዓባይ ናይ ጽዕነት መርከብ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ወደብ ሑደይዳ - የመን ከምዝኣተወት፡ ሰቡመዚ ናይቲ ውድብ ንሽዅዋ ሓቢርዎ።

በዚ ድማ፡ ኣብዘን ዝቐጸላ ክልተ ሰሙን፡ ቀዳማይ ገጽ ማስርሕ ምድሓን ናይታ ኣብ ማያት የመን ንዓመታት ደው ኢላ ዘላ ነዳዲ ዝጸዓነት ዓባይ መርከብ ክፍጸም ምዃኑ፡ እቶም ሰቡመዚ ወሲኾም ገሊጾም።

እዚ ማለት ድማ፡ እታ ኣብ ወደብ ሑደይዳ ኣትያ ዘላ መርከብ፡ ነቲ ኣብታ ‘FSO Safer’ ዝተባህለት ዝመረተት መርከብ መሊኡ ዝርከብ ልዕሊ 1.1 ሚልዮን በርሚል ዝግመት ዘይተጻረየ ነዳዲ ናብ ኢጋንኣ ከተግዕዞ እዩ።

ነዳዲ ዘይቲ ናብ ሰደድ ንምልኣኽ ከም ተንሳፋፊ ተርሚናል መኽዘን ተገልግል ዝበረት መርከብ ‘FSO Safer’፡ ካብ 2015 ኣትሒዛ ኣብቲ ገማግም ባሕሪ ደው ኢላ ትርከብ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ የመን ክቕጽል ዝጸንሐ ኩናት ሓድሕድ፡ እታ መርከብ ዝኸውን ጽገና ክግበረላ ስለዘይከኣለ፡ ከይትፍንጀር ወይ ድማ ነዳዲ ከይተልሕኽ'ሞ፡ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ክግመት ዘይክእል ከቢድን ሰፊሕን ብከላ ከይተስዕበየ ተሰኪኦ ጸኒሑ።

ኑታ መርከብ “ብዓዜ ዝተጻወደ ተንሳፋፊ ቦምብ” ክብል ዝገለጾ ሕቡራት ሃገራት'ውን፡ እንተ ተፈንጂራ ወይ ክትልሕኽ እንተ ጀሚራ፡ ካብቲ ብ1989 ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ዘጋጠመ ሓደጋ ብከላ ነዳዲ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ዝዘይድ ሓደጋ ከተስዕብ ምዃና ከጠንቅቕ ጸኒሑ'ዩ።

እቲ ውድብ ወሲኹ፡ እታ መርከብ ምስ እትፍንጀር ወይ ነዳዲ ምስ እተልሕኽ፡ ኣብ ማያት የመን ዝርከቡ ከሎም ዓሳታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ክሞቱን ትሕዝዮ ዓሳ እቲ ገማግም ባሕሪ ናብቲ ዝበሮ ንኽምለስ ልዕሊ 25 ዓመት ክወስደሉን ከምዝኽእል'ዩ ከገንዙብ ጸኒሑ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ማለት ኩይናም ን17 ሚልዮን ህዝቢ የመን መሰረታዊ ቀረብት ዘእትዉሉ ዘለዉ ወደባት ሑደይዳን ሳሊፍን እውን፡ ብምኽንያት'ቲ ሓደጋ ክዕጸዉ ከምዝኽእሉ እቲ ውድብ ኣተሓሳሲቡ ነይሩ።

በዚ ምኽንያት፡ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ክስዕብ ዝኽእል ኣብሀራሪ ሲናርዮ ንምግታእ፡ ካብቲ ዝሓተቶ 148 ሚልዮን ዶላር ምውሳእ ዛጊት 118 ሚልዮን ዶላር ረኺቡ ከምዝሎ ዝሓለፈ ሰሙን ኣፍሊጡ ነይሩ።



## ሶርያ፡ ባይቶ ኤውሮጳ ንምዝመዛ ኣመሪካ ክኹንን ጸዊዓ



ባይቶ ሶርያ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ብባይቶ ኤውሮጳ ንዘወጸ - ንጉዳይ ሰብኣዊ ከኻታት ዝምልከት ጸብጻብ ‘ሓሶት’ ክብል ድሕሪ ምንጻጉ፡ እቲ ሕብረት ኣብ ክንዲ ናይ ሓሶት ጸብጻባት ክፍብርኽ ዝውዕል፡ ሓቀኛ ክኸውንን ነቲ ኣመሪካ ኣብ መሬት ሶርያ እትፍጽሞ ዘላ ዘይተኣደነ ገምታ ነዳዲን ኣእካልን ክኹንኖን ጸዊዑ።

እቲ ባይቶ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ሓያላ ሃገራት ምዕራብ ዝኽተልኦ ዘለዋ ኣሻራዊ ረብሓታት ሶርያ ዝጸብኡ ፖለሲታት ቅቡላት ምዃናም ንምምኽናይ ክብል፡ ባይቶ ኤውሮጳ ዝሓለፈ ሰ ዘወጸኦ ጸብጻብ፡ ኣብ ባይታ ንዘሎ ሓቀኛ ኩነታት ዘየሲን ንመርትዖታት ዝጥምዝዘን ምዃኑ ሓቢሩ።

“ባይቶ ኣውሮጳ ኣብ ሰብኣዊ ጉዳያት ሓቀኛ ተሓላቓይ ክኸውን እንተደኣ ዝደሊ ኮይኑ፡ ነቲ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ሶርያ ዝፍጽሞ ዘሎ ዘይሕጋዊ ዝምታ ነዳዲ ዘይቲን ሕርሻዊ ምህርቲን ክኹንኖ ይግባእ” ክብል ድማ ወሲኹ ገሊጹ።

ኣመሪካ፡ ብዘይ ፍቓድ መንግስቲ ሶርያን ሕቡራት ሃገራትን ‘ሸበራውያን ዕጡቓት ዳዕሽ ንምህዳን’ ብዝብል ምስምስ፡ ኣብ 2014 ናብታ ሃገር ሓይሊታትን ወተሃደራዊ መሳለጥያታትን ከምዘእተወት ኣይርሳዕን።

እቶም ክሳብ ሕጂ ኣብ መሬት ሶርያ ዓስኪሮም ዝርከቡ ኣስታት ሓደ ሽሕ ወተሃደራት ኣመሪካ፡ ምስ ዕጡቓት ተቓወምቲ መንግስቲ ሶርያ ተሻሪኾም ንብርክት ዝበለ ዒላታት ነዳዲ ተቖጻጺሮም ከምዘለዉ'ዩ ዝንገረሎም።

## ‘ሩስያ፡ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ ጸጥታዊ ውዕላት ክትክትም እያ’ ተባሂሉ

መንግስቲ ፌደረሽን ሩስያ፡ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ ዘካይዶ ዋዕላ ‘ሩስያ - ኣፍሪቃ’፡ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ጸጥታዊ መዳይ ዘተኮሩ ውዕላት ክኽትም ምዃኑ ተገሊጹ።

ወከል ኣገልግሎት ዜናታ ሃገር (TASS)፡ ንዲፕሎማሲያዊ ምንጪታት ሞስኮ ብምጥቃስ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝዘርግሖ ዜና፡ እቲ ኣብቲ ዋዕላ ዝኽተም ስምምዓት፡ ሩስያን ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ መዳይ ጠፈር፡ ቃልሲ ኣንጻር ግብረሽበራ፡ ጸጥታ፡ ቁጠባን ካልእን ክተሓጋገዛ ዘኽእል ምዃኑ ሓቢሩ።

ዋዕላ ሩስያ - ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዝመጽእ 27-28 ሓምለ ከምዝካየድ'ዩ ዝገለጸ። ዋላ'ኳ ኣብቲ ዋዕላ ዝሳተፉ መራሕቲ ኣፍሪቃ በዓል መን ምዃናም ብወገን ሞስኮ እንተዘይተገልጹ፡ ኣብቲ ኣብ 2019 ኣብ ወደባዊት ከተማ ሶቺ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ቦኽሪ ዋዕላ ግን፡ ካብ ኩለን (54) ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተወከሉ ልኡኻት ተሳቲፎም ከምዝነበሩ፡ ልዕሊ 40 ካብኣቶም መራሕቲ ሃገራት ምንባሮም፡ ወደብቲ ናይቲ ዋዕላ የመልክቱ።

ወሃቢ ቃል መንግስቲ ሩስያ ድሚትሪ ፐስኮቭ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ጉድኒ-ጉድኒ'ቲ ኣብ ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ ዝካየድ ዋዕላ፡ መራሕቲ ኣፍሪቃ ምስ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ተራኺቦም ብዛዕባ ጉዳይ ዩክሬን እውን ክዘትዩ ምዃኖም ገሊጹ።

መራሕቲ ደቡብ ፍሪቃ፡ ዛምብያ፡ ሴኔጋልን ግብጺን ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ሩስያን ዩክሬንን ዑደት ኣብ ዝገበሩሉ እዋን፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ደማዊ ጎንጺ ብሰላም ንምፍታሕ ዘኽእል በዓል 10 ነጥቢ ናይ ሰላም መርሓ-ጉደና ኣቕሪቦም ምንባሮም ይዝከር።



## ደ/ኣፍሪቃ - ብዙሕ ኣባይቲ ብሓደጋ ባርዕ ዓንዩ

ኣብ ወደባዊት ከተማ ደርባን - ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ብኣማኢት ዝቑጸር መንበሪ-ኣባይቲ ከምዝተሃምሸ ተገሊጹ።

በቲ ዘይሕጋዊ ምዃኑ ኣብ ዝተገልጸ ሰፈራታት ዝተኸስተ ባርዕ፡ ሓደ ሰብ ክመውት እንከሎ፡ ካልኦት ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ሰባት ድማ ደሃዮም ጠፊኡ ከምዘሎ፡ ሰቡመዚ ናይታ ከተማ ሓቢሮም።

ብመሰረት እቶም ሰቡመዚ፡ ብሰንኪ'ቲ ሓደጋ፡ ኣስታት 3 ሽሕ ዝግመቱ ትሑት ቁጠባዊ መነባብሮ ዘለዎም ነበርቲ ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ኣለዉ።

ጠንቂ'ቲ ሓደጋ ባርዕ እንታይ ምዃኑ ገና ኣይተፈልጠን ዘሎ። እንተኾነ፡ ኣብቲ ቦታ ዝቐመጡ ገለ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ንፖሊስ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብኤሌክትሪካዊ መስመር ዝተላዕለ ክልተ ሰብኣት ናብ ጫሲ ድሕሪ ምእታዎም እቲ ሓደጋ ባርዕ ከምዝተኸስተ ምስክርነቶም ሂቦም።

ኣፈኛ ቀይሕ መስቀል ደቡብ ኣፍሪቃ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ ‘ዘሰንብድ ዕንወት’ ክብል ዝገለጾ ሓደጋ ኣስታት ሓደ ሽሕ ዝግመት ብዚሒ ዘለዎ መንበሪ-ኣባይቲ ምሉእ ብምሉእ ዓንዩ ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።

ቀይሕ መስቀል፡ ነቶም ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ዘለዉ ነበርቲ፡ መግቢ፡ ፍርናሽን ኮቦርታን ዘጠቓለለ ህጹጽ ሰብኣዊ ሓገዝ የድሊዮም ከምዘሎ'ውን እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ሓቢሩ።



## ሓማስ፡ ንሰራሕተኛታት ቃዛ ደሞዝ ክኸፍል ተጸጊሙ

ንወሽመጥ ቃዛ ዘመሓድር ዘሎ ፍልስጤማዊ ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ንዝርከቡ 50 ሽሕ ሰራሕተኛታት ወርሓዊ መሃያኦም ክኸፍሎም ከምዘይክኣለ ተሓቢሩ።

ሰበስልጣን ናይቲ ምንቅስቓስ ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ፡ እቶም ሰራሕተኛታት፡ ቀጠር ብእትልኾ ሰሩዕ ፈናንሲያዊ ሓገዝ ኣብሎም ወርሓዊ መሃያኦም ክኽፈሉ ከምዝጸንሑ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ሕጂ ግን ቀጠር ነቲ ሓገዝ ኣደናጉያቶ ስለዘላ፡ ብኡ ምኽንያት እቶም ሰራሕተኛታት ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ኣትሒዞም ብዘይ ደሞዝ ክቕጽሉ ተገዲዶም ከምዘለዉ ኣረዲኦም።

እንተኾነ፡ በቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገም፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት እንተላይ እቶም ኣባላት ሓማስ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ከይተረፉ ኣብ ልዕሊ'ቲ ምንቅስቓስ መረረኦም ይገልጹ ከምዘለዉ'ዩ ሮይተርስ ዝሓበረ።

ኣብ ወሽመጥ ቃዛ፡ ካብ ግብሪን ቀረጽን ዝርከብ እቶት እናንቀልቀለ፡ ብኣንጻሩ ድማ መጠን ወጻኢታት እናዓበየ ብምምጽኡ፡ ሓማስ ብዘይ ናይ ደገ ሓገዝ ንህዝቡ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ክቐርብ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ'የም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ብመሰረት'ቶም ጸብጻባት፡ ዝበዝሕ ካብ'ቲ 2.3 ሚልዮን ዝግመት ህዝቢ ቃዛ ኣብ ትሕቲ መስመር ድኽነት'ዩ ዝነብር።

ምስ ፍልስጤማውያን ድልዱል ዝምድና ከምዘለዋ ዝንገረላ ቀጠር ከኣ፡ ካብ 2014 ኣትሒዛ፡ ኣብ ዳግመ-ህንጻ ወሽመጥ ቃዛ ዝውዕል ኣማኢት ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ከምዘለገሰት ይግለጽ።

ቀጠር ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መሃያ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ነዳድን ካልእን ዝውዕል ወርሓዊ 30 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ትምጡ ከምዝነበረት ይሕበር።

ካብ ሽያጥ ነዳዲ ዘይቲን ባህርያዊ ጋዝን ዓመታዊ ኣስታት 80 ቢልዮን ዶላር እቶት ከምእትረክብ ዝንገረላ ቀጠር፡ ነቲ ፈናንሲያዊ ሓገዝ ስለምንታይ ኣደናጉያቶ ዝተዋህበ ዝኾነ ምኽንያት የለን።

ሓማስ፡ ወርሓዊ 34.5 ሚልዮን ዶላር ኣብ መሃያ ሰራሕተኛታት ከምዘጥፍእ ሓደ ካብ ላዕለዎት ሰበስልጣን እቲ ምንቅስቓስ ዝኾነ ዓወኒ ኣልብኻ ይገልጽ።

ወሽመጥ ቃዛ፡ ካብ 2007 ኣትሒዛ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ከርደና እስራኤልን ግብጺን ከምእትርከብ ይፍለጥ።



ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ዳሉል
ዕለት: 18/7/2023
ጎደና: ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ቁ.ስልኪ: 125266
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565